ለጎ

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ  ትግራይ

ቢሮ ትምህርቲ ቢሮ ጥዕና ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

# ምንቅስቓስ ኣካላዊ ስምዒት፣ ክእለት ፈጠራን ፀወታን ህፃናት

**ንመምህራን፣ ሰራሕተኛታት ትካላት ሓብሐብቲ ህፃናትን ወለድን ንመመያየጢ ዝተዳለወ ጥራዝ መሰልጠኒ**

2012 ዓ.ም

**ተርጎምቲ**

1. ኣይተ ኣስመላሽ ባራኺ
2. ኣይተ ኣሰገደ ኣሳሂል
3. ኣይተ ስዩም ሓጐስ

# ምንቕቓሕ ኣካላዊ ስምዒት፣ ክእለት ፈጠራን ፀወታን ህፃናት

## መምህራንን፣ ሰራሕተኛታት ህፃናት ሓብሓብቲ ትካላትን

## ወለድን ንመስልጣን ዝተዳለወ

## መፅሓፍ

2012 ዓ.ም

# ምንቕቃሕ ስምዒት ኣካላት ህፃናት፣ ፀወታን ፈጠራን

**ትሕዝቶ** **ገፅ**


ሓፈሻዊ መምርሒ..........................................................................1
ክፋል ሓደ፡- ምንቕቓሕ ስምዒት ኣካላት ህፃናት..............................................6
ቁልፊ መልእኽትታት.....................................................................10
ተግባራዊ ልምምድ.......................................................................14
ቁልፊ መልእኽትታት.....................................................................14
ዕብየት ኣካላት ስምዒት ህፃናት ብዕድመ...................................................15
ክፋል ክልተ፡- ፀወታ ንህፃናት..............................................................19
ጥቕሚ /ረብሓ ፀወታ.......................................................................19
ተግባራዊ ልምምድ.......................................................................20
ተግባራዊ ልምምድ.......................................................................25
ቁልፊ መልእኽትታት.....................................................................26
ዓይነት ፀወታ ብደረጃ ዕድመ ...............................................................27
ግደ ወለዲ/መዕበይቲ ኣብ ምድጋፍ ፀወታ ህፃናት.........................................29
ተግባራዊ ልምምድ.......................................................................30
ቁልፊ መልእኽትታት.....................................................................31
ምቕራብ ግቡእን እኹልን ዝኾነ ኣቕሑ መፃወቲ ..........................................32
ክፋል ሰለስተ፡- ምዕባይ ፈጠራ ክእለት ህፃናት..........................................37
ቁልፊ መልእኽትታት ......................................................................41
ተወሳኺ ሓበሬታ ንመመያየጢ.............................................................46
ፈጠራ እንታይ እዩ? ንምንታይ ከ የድሊ?...................................................41
ተግባራዊ ልምምድ.......................................................................44
ቁልፊ መልእኽታት.......................................................................45
ተፈጥሮኣዊ/ባህያዊ ዝንባለ ፈጠራ ህፃናት ብኸመይ ምዕባይ ይከኣል?.........................46

# ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ፣ ፀወታን ፈጠራን ህፃናት

## ሓፈሻዊ መምርሒ

**ዕላማ ስልጠና፡-** ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ወለዲ ወይ መዕበይቲ ንምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ፣ ፀወታ ህፃናትን ክእለት ፈጠራ ህፃናትን ንምምዕባል እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይሕግዝ፡፡

## ተሳተፍቲ ስልጠና

ተሳተፍቲ እዚ ስልጠና ክኾኑ ዝግበኦም መምህራን፣ ኣብ ህፃናት ዝሕብሕቡ ትካላት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ሰብ ሙያን ከምኡውን ወላዲን መዕበይትን እዮም፡፡

## ክለሳ/እያሞ፡-

ኣብ መጀመርታ ስልጠና ሕድሕድ ሰልጣኒ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቲ ዝተምሃሮ ንምዝካር ንክሕግዞ ብኽልተ ተሳተፍቲ ዝሓለፈ ምይይጥ ፍረ ሓሳባት ንክቐርቡ ምሕታት የድሊ፡፡

**ንኣብነት፡-**

1. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያይጥናሎም ነገራት እንታይ እንታይ ነይሮም
2. ኣብ ዝሓለፈ ምስ ዝተመያጥናሎም ርእስ ጉዳይ ብምትእስሳር ኣብ ገዛኹም ምስ ደቅኹም እንታይ ተግባር ፈፂምኩም?
3. ዝረኸብኩምዎ ትምህርትን ዝሓለፈ ትምህርትን ንጎረባብትኹ ተምኩሮኹም ኣመሓለሊፍኩም ዶ?

## ተሽተፍ ቅድመን ድህረን ስልጠና

ሕድሕድ ክፍሊ ስልጠና ቅድሚ ምጅማሩ ንተሳተፍቲ ምዘና ቅድመ ስልጠና ይወሃቦም እዩ፡፡ ኣብ እዋን ስልጠና ዝቐስምዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ምዘና ድህረ ስልጠና ኣብ ሕድሕድ መወዳእታ ስልጠና ይውሃብ እዩ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ፡- ጉጅለ ዕዮ/20

እዚ መርሃ ግብሪ  ስልጠና ወላዲ ኣካላት ንምንቕቓሕ  ስምዒት ህፃናት፣ ክእለት ፈጠራን ፀወታን ንምምዕባል፣ ንዕብየት ህፃናት ዘለዎም ረብሓን ነዞም ንምምዕባል እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ብሓባር ብምዝታይ ልምዲ ይለዋወጡ፡፡

## ሓፈሻዊ ስሪት ስልጠና

ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ስልጠና ዝስዕቡ ደንብታት ስልጠና ተሳተፍቲ ክፈልጥዎ  ግበሩ፡፡

- ኣቀማምጣ ሰልጠንቲ ብቅርፂ ፍርቂ ክቢ እንተዝኾን ተማራፂ ከምዝኾነ ክፈልጡ ምግባር፣
- መመያየጢን ተሳተፍትን ምልላይ /ምፍላጥ  ምክያድ፣
- ኣብ ሰዓትካ ምርካብ፣
- ኣብ እዋን ስልጠና ፃውዒት ድምፂ ሞባይል ምጥፋእ ወይ ምትሓት፣
- ኣብ ሕድሕድ ክፍለ ግዘ ስልጠና ምርካብ፣
- ንቑሕ ተሳትፎ ምግባር፣
- ሓሳብ ካልኦት ሰባት ምኽባር መጀመርያ ክፍለ ግዘ ክለሳ- ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ናይ ሕሉፍ ዝተምሃሩዎ ትምህርቲ ዝምልከት ብሓፂሩ ገለፃ ዝገብሩ /ስተክልተ ተሳተፍቲ ብምውካል ንሓሙሽተ ደቒቓ ክመያየጡ ወይ ክዝተዩ ምግባር፣
- ተቖፃፃሪ  ሰዓት ምምራፅ፣
- ስልጠና ዝካየድሉ ቦታ ምስትኽኻልን- ኣብ መጀመርያ ሕድሕድ መዓልቲ መተሓባበርቲ ስልጠና  ንዓሰርተ ደቒቓ ዝኣክል ስልጠና ቦታ ክመቻቸው ይግባእ፡፡

## ዘድልዩ ናውቲ፡-

- ብመሰረት ዕድመ ህፃናት ዝተዳለዉ ስእልታትን ዛንታታትን/ነበረያነበረ/ ዝሓዙ መፅሓፍት፣
- ፍሊፕ ቻርት (ንፁህ መፅሓፊ ሰሌዳ)
- ማርከር (ቡሩሽ ወይ ቾክ)
- እስክርቢቶን መዘክር ደፍተርን
- በረርቲ ፅሑፋት
- ፋንፋሊታት፣ ወዘተ

## ኣብ ሕድሕድ ስልጠና ዝተሓዝ መዘክር

ኣብ መወዳእታ ሕድሕድ ስልጠና እቲ መዛተዪ ሰብ ብዛዕባ ከይዲ ምይይጥ መዘክር ክትሕዙ ክገብር ከምዘለዎ ትፅቢት ይግብር፡፡ ንምዝታይ ኣብ ዝግበሩ ምድላዋት ወይ ድማ ኣብ ከይዲ ምይይጥን ዘተን ጎሊሆም ዝወፁ ኣብዚ ምዕራፍ ውሽጢ ክካተቱ ወይ ድማ ዳግም ክረኣዩን ክፅንዑን ዝግበኦም ፍረ ሓሳባት ኣብ መዘክር ክተሓዙ ይግባእ፡፡ እዞም ፍረ ሓሳባት እዚ ሰነድ ንቀፃሊ እዋን ብዝበለፀ ዕምቀት ሃልይዎ ንክስርሓሉ ይሕግዝ፡፡

## ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ፣ ፀወታን ፈጠራን ህፃናት

እዚ ስልጠና ብዛዕባ እንታይነት ኣካላት ስምዒት ህፃናትን ፀወታ ንዕብየት ህፃናት ንክውዕል፤ ከምኡ እውን ክእለት ፈጠራ ህፃናት ብዝምልከት ወለዲ ትፅቢት ዝግበረሎም ግደኦም ንክፃወቱ ይሕግዝ፡፡

## መርሃ ግብሪ

| ትሕዝቶ | ሜላ ኣመሃህራ | ዝተውሃቦ ግዘ |
|---|---|---|
| ምዘና ቅድመ-ስልጠና | ምዕዳል ሕቶ ወረቐት | 15 ደቒቓ |
| ዕላማ ስልጠና | ምንባብን ምይይጥን | 5 ደቒቓ |
| ምንቕቓሕ ስምዒት ኣካላት ህፃናት | ሕቶን መልስን፣ ገለፃ | 40 ደቒቓ |
| ፀወታ ህፃናት | ሕቶን መልስን፣ ገለፃ | 40 ደቒቓ |
| ምምዕባል ክእለት ፈጠራ ህፃናት | ሕቶን መልስን፣ ገለፃ | 25 ደቒቓ |
| ቁልፊ መልእኽትታት | ምንባብን ዘተን | 20 ደቒቓ |
| ምዘና ድህረ ስልጠና | ሕቶ ወረቐት ምዕዳል | 15 ደቒቓ |

**ዕላማ ስልጠና፡- ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ወለዲ/ መዕበይቲ**

- ምንቕቓሕ ስምዒት ኣካላት ህፃናት  ይኽእሉ፡፡
- ዕብየት ህፃናት ብፀወታዊ ምንቅስቓስ ንከማዕብሉ ክግበር ዝግባእ ይገልፁ፡፡
- ክእለት ፈጠራ ህፃናት ንምዕባይ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይርድኡ፡፡

# ክፋል ሓደ፡- ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ህፃናት

## ኮርኂሪ/መነቓቐሒ/ ሕቶታት

ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ህፃናት ንምንታይ የድሊ?

**መሳለጥቲ**

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕቶ ንተሳተፍቲ ብምቕራብ ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎም፡፡ ብምቕፃል ካብዚ ቀፂሉ ተፃሒፉ ዘሎ መሰረት ብምግባር መልሲ የብራርህሎም፡፡

## ረብሓታት ምንቕቓሕ ስምዒት ኣካላት

- ህፃናት መጀመርታ ብዛዕባ ዓርሶምን ዓለምን ዝመሃሩ ኣካላት ስምዒቶም ተጠቒሞም እዩ፡፡
- ዕሽል ህፃናት ኣካላት ስምዒት ንኽማዕብሉ ምግባር ብዛዕባ ዓርሶምን ከባቢኦምን ዘለዎም ፍልጠትን ክዓቢ ይሕግዝ፡፡
- ኣካላት ስምዒት ህፃናት ብዝሓሸ ዓቕሚ ንምምዕባል ከባቢኦም ብዝግባእ ንክፍትሹ ከምኡ እውን እንታይነቶም ንክፈልጡ ምምችቻው የድሊ፡፡
- ኣካላት ስምዒት ህፃናት ዘይምንቕቓሕ ኣብ ዕድሚኦም ከብዕሕዎ ዝግበኦም ሓፈሻዊ ዕብየት የዛብዕ፤ ኣብ ህይወቶም ውፅኢታዊ ንከይኮኑ ዕንቅፋት ይፈጥር፡፡
- ወለዲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ማተርያላት ብምጥቃም ህፃናት ክፃወቱ ዕድል ብምሃብ ኣካላት ስምዒት ህፃናት ምንቕቓሕ ይኽእሉ፡፡

**መመያየጢ ፡-**

ኣካላት ስምዒት፣ ምድህሳስ፣ ምርኣይ፣ ምስማዕ፣ ምጭናውን ምጥዓምን እዮም፡፡ ህፃናት ዝተፈላለዩ ሕብርታት፣ ልስሉሰን ሓርፋፍን ማተርያላት ብርኪ፣ መጠንን ዓይነታትን ድምፅታት ጣዕምን ጨናን ነገራት ንኽፈልዩ ምግባር ኣካላት ስምዒቶም ካብ ምምዕባል ንላዕሊ ንዕብየት ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊን ማሕበራውን ኣበርክቶ ይህልዎ፡፡

ንምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ህፃናትወለዲ ክጥቀምሉዎም ካብ ዘለዎም ሜላታት እዞም ዝስዕቡ ንኣብነት ዝኣክል ተጠቒሶም ኣለዉ፡፡

- ሓደጋ ዘየብፅሑ ፅሬቶም ዝሓለዉ ማተርያላት ንኣብነት ማይ መትሐዚ ኻዳታት፣ ካብ ጎማ ወይ ላስቲክ ዝተሰርሑ ማተርያላት፣ ኣሸንጉሊታትን ካልኦትን ነገራት ብምቕራብ ብኣእዳዎምን ብኣፎምን እናተነኻኸፉ ንክፈልዮዎም ምብርትታዕ፡፡
- ብፍሽኽታን ነፃ ኮይንኻ ብምዝርራብ ከምኡውን እቶም ህፃናት ዘውፅኡዎም ድምፅታትን ዝርኣዩዎም ተግባራትን ኣምሲሎም ብምድጋም ምንቕቓሕ ይከኣል፡፡ እዚ ድማ ህፃናት ብዛዕባ ዓርሶም ፅቡቕ ስምዒት ንክሓድሮምን ከባቢኦም ዝበለፀ ንክፈልጡ ይገብር፡፡
- ንህፃናት ዜማ ከዳምፁ ወይ ክሰምዑ ምግባር፣ ኣእዳዎም ወይ ድማ ኣእጋሮም ቀስ እናበልካ ምድህሳስ ወይ ምድራዝ ናይ ህፃናት ስምዒት ምድህሳስን ምላሽ ምሃብን ዓቕሞም የዕብዩ፡፡ /የማዕብል/፡፡

## ምይይጥ ሓደ፡- ረብሓ ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ህፃናት

### ዝተመደበ ግዘ፡- 60 ደቒቓ

### ተግባራዊ ልምምድ፡- ጉጅለ ዕዮ /50 ደቒቓ/

**መመያየጢ**

ብተሳተፍቲ ዝተውሃቡ መልስታትን ቁም ነገራትን ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ወይ ቻርት ክፀሓፍ ብምግባር ምስቲ ዝቐፅል ምይይጥ ቁም ነገራት ኣተኣሳሲሮም መብርሂ ክምዝህቡ ይግለፁሎም፡፡ ብምቕፃል ተሳተፍቲ ንስራሕቲ ጉጅለ ዕዮ የዳልዉዎም፡፡

1. ተሳተፍቲ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ንክምዳደቡ ይዛረብዎም፡፡
2. ሕድሕድ ጉጅለ ኣካል ስምዒት  ህፃናት ብኸመይ ምንቕቓሕ ከም ዝከኣል ንክለማመዱ ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ተግባራት ብምውካል ንክለማመዱ ይግበሩ፡፡ ተሳተፍቲ ነቲ ልምምድ ከይነዓቑ ወይ ሸለል ከይበሉ ንክሰርሑ የተሓሳስብዎም
3. ሕድሕድ ጉጅለ ንኣካላት ስምዒት ህፃናት፣ ምርኣይ፣  ምስማዕ፣ ምጭናው፣ ምጥዓምን ምድህሳስን ከመይ ምንቕቓሕ ከም ዝከኣል ክዘራረቡ ይግበሩ፡፡
4. ተሳተፍቲ ልምምድ ቅድሚ ምጅማሮም ናብ ሕድሕድ ጉጅለ ብምኻድ ኣብ ግዘ ምይይጥን ዘተን ዝለዓሉ ቁምነገራትን ዋኒናትን ከምኡ'ውን ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒት ህፃናት ዝህቦ ረብሓ ብዝምልከት ዝለዓሉ ርኢቶታት መዘክር ሒዞም ዘቕርቡ መቕርብቲ ክምረፁ /ክሕረዩ ምግባር፡፡ ሕድሕድ ናይቲ ጉጅለ ኣባላት ዘካየድዎም ዘተ ክቕርቡ ምግባር፡፡ ካልኦት ተሳተፍቲ ሕቶ ወይ ሓሳብ እንተሃሊዎም ንክልዕሉ ምብርትታዕ፡፡ ኣብዚ ክፍሊ መወዳእታ ናይቲ መመያየጢ መዘክር ኣብ ዝብል ሕድሕድ ዝተገለፁ ነጥብታት ክንበቡ ብምግባር /ብምንባብ/ኣብ ዝለዓሉ ሓሳባት ውሽጢ መጠናኸሪን ተወሳኺ ርኢቶታትን ክውሃብ ኣድላዪ ይኸውን፡፡

## ሀ. ልምምድ ምንቕቓሕ ስምዒት ምርኣይ

1. ንሕድ ሕድ ኣባላት ጉጅለ ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ነገራት ብምሃብ ዓይነት ሕብርታት ንክገልፁ ምሕታት፣
2. ተመሳሳሊ ሕብርታት ዘለዎም ነገራት ብዘለዎም መጠን ሕብሪ ንክፈልዩ ምግባር፣
3. ምንቕቓሕ ስምዒት ምርኣይ ህፃናት ዝህልዎ ረብሓ ብዝምልከት ንክመያየጡ ምግባር፡፡

## ለ. ልምምድ ምንቕቓሕ ስምዒት ምድማፅ

1. ካብ ሕድሕድ ጉጅለ ዝተወሰኑ ኣባላት ኣዒንቶም ብጨርቂ ይሽፍኑ፡፡
2. ካብ መንጎ ዘለዉ ጉጅለታት ኣዒንቶም ብጨርቂ ዘይተሸፈኑ ኣባላት በቢተራ ዝተፈላለዩ ድምፂ ከስምዑ ይገበሩ፡፡
3. ኣዒንቶም ብጨርቂ ካብ መንጎ ዝተሸፈኑ ኣባላት ሓዲኦም ኣእዳዎም ብምውፃእ ዝስምዕዎ ድምፂ ፈልዮም ይገልፁ፡፡
4. እዚ ልምምድ ውፅኢታዊ ንምግባር ድምፂ ዘስምዑ ተሳተፍቲ ድምፆም ክቕንሱ ምትሕስሳብ፡፡
5. ኩሎም ኣካላት ጉጅለ በቢተራ ኣዒንቶም ብጨርቂ እናተሸፈኑ እዚ ተግባር ይለማመዱ፡፡

## ሐ. ልምምድ ምንቕቓሕ ስምዒት ምሽታት

1. ካብ ሕድሕድ ጉጅለ ዝተወሰኑ ኣባላት ኣዒንቶም ብጨርቂ ሸፊኖም ዝተፈላለዩ ጨና ዘለዎም

ንኣብነት፡- ዕምበባ፣ ሎሚን፣ ኣራንሺ ዝኣመሰሉ ፍረምረ ንከጫንዉ ብምሃብ እንታይነቱ ክፈልዩ ምግባር፡፡

2. ኣብ መወዳእታ ምንቕቓሕ ስምዒት **ምሽታት** ህፃናት ዝህቦ ረብሓ ብጉጅለ ምምይያጥ፡፡

## መ. ልምምድ ምንቕቓሕ ስምዒት ምጥዓም

1. ካብ ሕድሕድ ጉጅለ ዝተወሰኑ ኣባላት ኣዒንቶም ብጨርቂ ክሽፈኑ ብምግባር ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎም ንኣብነት፡- ፍረምረ፣ ስኳርን ጨውን ዝኣመሰሉ ንክጥዕሙ ብምግባር እንታይነቶም ንክገልፁ ምግባር፡፡
2. ካብ መንጎኦም ንሓድ ሓደ ጣዕምታት ኣካላቶም ዝኻሳሕ ወይ ዘሕክኽ (ኣለርጂ ዘለዎም) ተሳተፍቲ እንተሃልዮም ፀገም ንከይገጥሞም ጥንቃቐ ምግባር የድሊ፡፡
3. ኩሎም ኣባላት ጉጅለ በቢ ተራ ኣዒንቶም ብጨርቂ እናሸፈኑ እዚ ተግባር ይለማመዱ
4. ኣብ መወዳእታ ምንቕቓሕ ስምዒት ምጥዓም ህፃናት ዝህቦ ረብሓ ብጉጅለ ምምይያጥ፡፡

## ሰ. ልምምድ ምንቕቓሕ ስምዒት ምድህሳስ

1. ካብ ሕድሕድ ጉጅለ ዝተወሰኑ ኣባላት ኣዒንቶም ብጨርቂ ብምሽፋን ዝተፈላለዩ መጠን ርጉድን ልስላሰን ዘለዎም ቁርፅራፅ ወረቓቕቲ፣ ኣጭርቕትን ዝኣመሳሰሉ ብምሃብ እንታይንቱ ክገልፁ ምሕታት፡፡
2. ብተመሳሳሊ ኩነታት ዝተፈላለዩ ክብደት ዘለዎም ፀፀራት፣ ዕንፀይቲን ዝመሳሰሉን ነገራት ብምሃብ ብመጠን ኽብደቶም ንከቐምጡ ምግባር፡፡
3. ብተመሳሳሊ ኩነታት ካልኦት ተሳተፍቲ ድማ ዝተፈላለዩ ኣእዳው ክድህስሱ፣ ክትሓዙ ብትኽክል ንክትሓዙ ከምኡ እውን ክጭበጡ ምግባር፡፡
4. ኩሉ ኣባል ጉጅለ በቢ ተራ ኣዒንቶም ብጨርቂ እናተሸፈኑ እዚ ተግባር ይለማመዱ፡፡
5. ኣብ መወዳእታ ስምዒት ምድህሳስ ህፃና ምንቕቓሕ ዝህቦ ወይ ዝፈጥሮ ስምዒት ብጉጅለ ምምይያጥ፡፡

## ቁልፊ መልእኽትታት (5 ደቒቓ)

*መመያየጢ*

ቁልፊ ምእኽትታት ኣንብብሎም፡፡

- ዕብየት ኣእምሮ ህፃናት ንምጥንኻር ምንቕቓሕ ኣካላት ስምዒትን ምልምማድን ወሳኒ እዩ፡፡

- ኣካላት ስምዒቶም ብዝግባእ ዝተነቓቕሑን ዝተሃነፁን ህፃናት ዝሓሸ ማሕበራዊ፣ ስምዒታዊ፣ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ክእለታት የዕብዩ እዮም፡፡
- ኣካላት ስምዒት ብዝግባእ ምልምማድ ዘይኽኣሉ ህፃናት ኣብ ቀፃሊ ኣቀብባላ ትምህርቲ ኣብ ስምዒቶም ፀገም የጋጥሞም እዩ፡፡
- ወለዲ ንምንቕቃሕ ኣካላዊ ስምዒት ህፃናት  ግቡእ ደገፍ እንተዘይገይሮም ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ መንበሪ ሰፈሮምን ዝህልዎም ማሕበራዊ ርክብ ኣብ ፀገም ይወድቁ /ናብ ፀገም ይቃልዑ፡፡ ከምኡ እውን ዕብየት ኣእምሮ ብምጉታት/ምሕሳይ ጥዕና ዘለዎ ዕብየት ህፃናት የተኣጓጉል እዩ፡፡

**መሳለጥቲ**

ኣብ ኣካላዊ ስምዒት ህፃናት (ምርኣይ፣ ምድማፅ፣ ምጭናው፣ ምጥዓምን ምድህሳስን ክእለታት) ብዛዕባ ኣካላቶም ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ተግባር ከምኡውን ኣብ ጥቓኦም /ከባቢኦም ዘለዉ ህይወት ዘለዎምን ዘይብሎምን ፍጥረታት ብርክት ዝበሉ ነገራት ይቐስሙ፡፡ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ቁልፊ መልእኽትታት ንተሳተፍቲ የንብብሎም፡፡

**ህፃናት ብኣካላት ስምዒቶም ክንደይ ዝኣክል ከምዝመሃሩ  ምርኣይ ይከኣል፡፡**

- ብዛዕባ ሓርፋፍን ልስሉስን ነገራት፣ ብዛዕባ ቅርፅን መጠንን ማተርያላት፣ ብዛዕባ ምዉቕን ዝሑልን ነገራት ከምኡ እውን ካልኦት እንትትንክፍዎምን ንሳቶም ድማ ንኻልኦት እንትትንክፉ ብዛዕባ ዝስምዖም ስምዒት ብምልምማድ ህፃናት ሓደጋ ዘስዕቡን ዘየስዕቡን ነገራትን ኩነታትን ንክፈልዩ የኽእል፡፡
- ህፃናት ሚዛኖም ምሕላዎም ከምኡ እውን ኣብ ግዘ ፀወታ መተዓፃፀፊ ቦታታት ተኸቲሎም ምዝውዋር ምኽኣሎምን ምምላኾምን ሓደገኛ ቦታታት ብጥንቃቐ ንክሪኡ ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ዕለታዊ ፍፃመታት ብታሕጓስን ዕብየቶም ብዝነቓቕሕ መልክዑን ንክሕልፉ ይሕግዝ፡፡
- ኣብ እዋኑን ግቡኡን ሓሊዮም ዝግበሩ መነቓቕሒታትን መበረታትዒታትን ኣካላት ስምዒት ዝያዳ ንምምዕባል ማለት ህፃናት ኣየንኡ ኢድ ክጥቀሙ ከምዝግበኦም

ንምፍላይ፣ ትኹረቶም ንምውሳኽ፣ ምስ ካልኦት ህፃናት ዘለዎም ርክብ ንምምሕያሽ፣ ዝተፈላለዩ መጠን ድምፂ ንምፍላይ፣ ሚዛን ሰውነት ንምሕላው ምውዳድ ዝተፈላለዩ ኣካላት (ዓይንን ኢድን፣ ኢድ ምስ ኢድ ምውዳድ ኢድን እግርን) ካልኦት ተግባራት እውን ንምትግባር ይሕግዝ፡፡

- ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ብፍላይ ኢድን እግርን ብዝግባእ ክጥቀሙን ኣቑሑ ብባህሪኦም (ንኣብነት፡- ብመጠን፣ ብቅርፂ፣ ብሕብሪ፣ ብልስላሰን ብሕርፋፈን ካልእን) ምፍላይ ንክኽእሉ ኣካላት ስምዒት ምምዕባል ኣዝዩ ይሕግዝ፡፡ ኣካላት ስምዒቶም ብግቡእ ምጥቃም ምኽኣል ህፃናት ኣብ ሕድሕድ ፈተነታት ስምዒት ዕግበት ይስምዖም እዩ፡፡
- ምምዕባል ኣካላት ስምዒት ህፃናት ዕቡቕ ስምዒት ንክስምዖም ብምግባር ንዝበለፀ ልምምድን ፈተነን ንክፅዕሩ ይገብር፡፡
- ስምዒት ኣካላት ምምዕባል ህፃናት ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮም ዕቡቕ ርክብ ንክገብሩ፣ ዝማዕበለ ማሕበራዊ፣ ስምዒታውን ኣእምሮኣዊን ክእለታት ንክላበሱ ከምኡ'ውን ፀገማት ንክርድኡን ንክፈትሑን ይሕግዝ፡፡
- ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ህፃናት ዝበለፀ ምንቕቓሕን ምፅዋትን ብምኽንያት ጉድኣቶም ዝተፈላለዩ ተግባራት ካብምፍፃም ንከይተኣጓጎሉ ብምሕጋዝን ዝተፈለየ ናይ ምሽናፍ ስነ-ልቦና ብምልባስ ንመንገዲ ዓወት ይመርሖም እዩ፡፡
- ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ህፃናት ከም ካልኦት ህፃናት ብተመሳሳሊ ቅልጣፈን ናህርን ነገራት ምስራሕ ዋላ እንተዘይኪኢሉ ብናይ ባዕሎም ስልትን ኩነታትን ንክለማመዱን ንክማሃሩ ብትዕግስቲ ድጋፍ ወይ ሓገዝን ክትትልን ምግባር ግቡእ እዩ፡፡
- ወለዲ ወይ መዕበይቲ ከምኡ እውን ሓውን ሓፍትን ፍሉይ ድሌት ምስ ዘለዎም ህፃናት ብምፅዋትን ብንቕሓት ንክሳተፉ ብምሕጋዝ ክነቓቕሑ ምግባር ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ፡፡

## ምይይጥ ክልተ፡- መነቓቕሒ መንገድታት ኣካላት ስምዒት ህፃናት

## ዝተመደበ ግዘ- 60 ደቒቓ

**መሳለጥቲ**

ካብዚ ንታሕቲ ዝቐረቡ መነቓቕሒ መንገድታት ኣካላት ስምዒት ህፃናት ንተሳተፍቲ ኣንብቡሎም፡፡ ተሳተፍቲ ርኢቶ ንክህቡ ብምግባር ድሕሪ ምይይጥ ሓበራዊ ኣረዳድኣ ንክህልዎም መብርሂ ይህብዎም፡፡

ወለዲ/መዕበይቲ ህፃናት ብኽልተ ዓይነት መንገዲ የነቓቕሕዎም፡፡ ንሳቶም ድማ፡-

1. ትኹረት ህፃናት ናብ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ብምምራሕን ብምርኣይን /ክሪኡ ብምግባር፡፡
2. ኣብ ክሊ እቲ ተግባር ክሳሓቡ/ክፉሓኹ ብምግባር፡፡

ዝስዕቡ ተግባራት ኣካላት ስምዒት ህፃናት ዘነቓቕሑ እዮም፡፡

- ህፃናት ኣብ ዙርያኦም/ከባቢኦም ዝርከቡ ቑሳቑሳት እንታይነት ንክፍትሹ ኩነታት ክመቻቸወሎምን እንትድገፉን ኣካላት ስምዒቶም ብዝሓሸ ኩነታት ይምዕብል እዩ፡፡
- ወለዲ ትኹረት ወይ ኣቓልቦ ህፃናት ኣብ ሓደ ናውቲ ወይ ፍፃመ ድልየት ምርኣዮም ወይ ምትንካር ምኽኣሎም እንትተዓዚቦም ብዛዕባ እቲ ነገር ብምንጋር ተወሳኺ መነቓቕሒ ክፈጥሩሎም ይግበእ፡፡

እቶም ህፃናት ብዛዕባ ዝተዘረቦም ጉዳይ ወይ ነገር መልሲ ናይ ምሃብ ዓቕሚ ዋላ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ብዛዕባ ትኩረት ዝሃብሉ ነገር ብተደጋጋሚ ክርድኡ ምግባር ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ፡፡

- ወለዲ ህፃናት ነገራት ንክምልከቱ ከምኡ'ውን ስምዒቶም ንክገልፁ ምልዕዓል ትዕቢት ይግበረሎም፡፡ መንበሪ ገዛን ካባቢኡን ኣብ ህፃናት ሓደጋ ብዘየስዕቡ ነገራትን ብዘነቓቕሑን ምጥንኻር፡፡ ንኣብነት ዝኣክል ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም

ወረቓቕቲ፣ ልስሉስን ሓርፋፍን ነገራት፣ መኽደኒ ዕሽጋት ማይ መስተ፣ ተኽልታት፣ ዕምበባታትን ካልኦትን ብምቕራብ ዕብየት ህፃናት ምድጋፍ ኣድላዪ እዩ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ ጉጅለ ዕዮ (45 ደቒቓ)

*መመያየጢ*

*መርሃ ግብሪ ዕለታዊ ምይይጥ ኣካላት ስምዒት ህፃናት ብኸመይ ምንቅቓሕ ከምዝኽእሉ ምምይያጥ ምኳኑ የፍልጥዎም፡፡ ብምቕፃል ወለዲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ክምቐሉ ይዛረብዎም፡፡ ሕድሕድ ጉጅለ ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ክልል ዕድመ ዘበናት ማለት ካብ ውልደት ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን፣ ካብ ሓደ ዓመት ፈረቓን ክሳብ ሰለስተ ዓመትን ፣ ካብ ሰለስተን ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ሓዲኡ ክመርፁ ይግባእ፡፡ ኣብ ዝተሓበረ ክልል ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ኣካላት ስምዒት ብዝግባእ ክጥቀሙ ብኸመይ ክሕገዙ ይግባእ? ኣብ ዝብል ክሊ ሕቶ ሰለስቲኦም ጉጅለታት ኣብ ዝመረፅዎ ደረጃ ዕድመ ህፃናት መሰረት ጌይሮም ንክመያየጡ ይግበሩ፡፡*

## ቁልፊ መልእኽትታት (5 ደቒቓ)

***መመያየጢ ኣካል***

***ቁልፊ መልእኽትታት ኣንብቡሎም***

- *ወለዲ፣ ህፃናት ኩሎም ስምዒት ኣካላቶም ምጥቃም ምኽኣሎም ምርግጋፅ ይግበኦም፡፡*
- *ወለዲ ስምዒት ኣካላት ህፃናት ንምምዕባል ብመነፅር ዕድሚኦም ተመጣጣኒ ተግባራት ብምፍላይ ምንቅቓሕ የድሊ፡፡*

**መሳለጥቲ**

በይዝኦም! ተወሳኺ ሓበሬታ ኣቐዲሞም የንብቡሎም ብምቕፃል መብርሂ ይሃብዎም፡፡

## ንመሳለጢ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

## ዕብየት ኣካላት ስምዒት ህፃናት ብብርኪ ዕድመ

**ካብ ውልደት ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዘለዉ ዕሸላት ህፃናት፡-** ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ኣብ ቀረበኦም ዝረኸብዎ ነገር ኩሉ ናብ ኣፎም ኣእቲዎም ንምፍታሽ ይፍትኑ እዮም፡፡ ህፃናት ኣብ ዙርያ ሓብሓብቶ ከምኡ'ውን ዕሬቱ ዝሓለወን ሙቐት ዝህብ ክዳን እንትኸደኑ ማቻ ይስምዮም፡፡ ብጣዕሚ ድማ ሕጉሳት እዮም ዝኾኑ፡፡ ደሚቕን በዓል ሕብሪ ሕብሪ ዘለዎም ነገራት ብቐሊሉ ይሰሓቡ፡፡ ህፃናት ኣዝዩ ዓው ዝበለ ድምፂ እንትሰምዑ፣ ብዘይ ምቕዋም ኣገባብ ወይ ኩነታት እንትሕገዙ፣ ርሑስ፣ ዝረሰሐ ወይ ድማ ዘውህዕ ክዳን እንትኸድኑ ደስ ኣይብሎምን፡፡ ህፃናት ኣብ ዕድሚኦም ሕዲተይ ኣዋርሕ እናወሰኹ ኣብ ዝኸድሉ እዋን ብፍሽኽታ ዝቐርቦም ወይ ድማ ዝፈልጥዎ ሰብ እንትሪኡ ደስ ይብሎም፡፡ ይኹን' ምበር ዘይፈልጥዎ ሰብ ወይ ብኹራን ዓው ኢሉ ዝዛረብ ሰብ እንትሪኡ ይፈርሑን ይቑጥዑን እዮም፡፡

**ወለዲ ወይ መዕበይቲ ዝስዕቡ ነጥብታት ብምፍፃም ህፃናት ምንቅቓሕ ይኽእሉ፡፡**

- ህፃናት ብተደጋጋሚ ጡብ ክጠብዩ ብምግባር ኣብ ከባቢ ኣፎም ዝርከቡ መልእኽቲ መመሓላለፍቲ ኣካል ምንቕቓሕ ይግባእ፡፡ ናይ ኣዶ ወይ መዕብዩ ጡብ ፀባ ዋላ እንተዘይሃለዎ ህፃናት ኣብ ጫፍ ጡብ እናተፃወቱ ዝረኽብዎ ኣካላዊ ምንቕቓሕ ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ፡፡
- ህፃናት ኣፃብዕቶም ንከይጠብዩ ብምኽልኻል ንከይነቓቕሑ ምግባር ግቡእ ኣይኮነን፡፡ ኮታስ ኣእዳዎም ዕሬቱ ዝሓለወ ንክኸውን ምግባር ይግባእ፡፡
- ህፃናት ሽድሽተ ወርሒ እንትመልኦም ምስ ዝጅምርዎ ተወሳኺ ምግቢ ተኣሳሲሩ ዝመፁ ናውቲታት መመገቢ ተወሳኺ መነቓቕሒ ይፈጥሩ እዮም፡፡ ካብ ፕላስቲክ ዝስርሑ መመገቢ ናውቲታት (ሽሓና፣ ማንካ፣ መስተዩ ማይ፣ ወዘተ) ዓቕሚ

ብዝፈቐዶ መጠን ብምቕራብን ክትትል ብምግባርን ነቶም ህፃናት ምንቕቓሕ ዕቡቕ እዩ፡፡

- ርእየት ህፃናት ወይ ናይ ምርኣይ ክእለቶምን ልምድን ንምንቕቓሕ ዝተፈላለዩ ምስልታት ገፅ ፊት ንፊት ወይ ኣብ ቅድሚኦም ክሪኡ ምግባር ይምረፅ፡፡
- ዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምውፃእ ክእለት ምድማፅ ህፃናት ምንቕቓሕ ይከኣል፡፡
- ቧንቡላታት ወይ ዓበይትን ደሚቕ ነገራትን ህፃናት ኣብ ዘለዉሉ ከባቢ ምግባር ረብሓ ኣለዎ፡፡
- ህፃናት ሰውነቶም ብፍላይ ከብዶም፣ ሑቖኦም፣ ኢዶምን እግሮምን ቀስ እንዳብልካ ወይ ክይተፅዓንካ ምድራዝ ዓብዪ ረብሓን ምንቕቓሕን ኣለዎ፡፡
- ህፃናት ሽዱሽተ ወርሒ እንትመልኦም ዝተፈላለዩ ጉድኣት ዘየብፅሑ ከምፕላስቲክ፣ ዕንፀይቲ፣ ካብ ኒኬል ዝተሰርሑ ናውትታት መንበሪ ገዛ ብምሃብ ክትሕዝዎ ምግባር፣ ነኒ ሕድሕዶም ብምልታም ብዘውፅእዎ ድምፂ /ብዝፍጠር ድመፂ ይዘናግዑ፣ ይመሃሩ፡፡

**ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት፡-**

ህፃናት እናዓበዩ ኣብ ዝኸድሉ ግዘ ክእለቶም ሓቢሩ እዩ ዝዓቢ፡፡ ሕድሕድ ምንቅስቓስ ዒላማ/ሸቶ ዘለዎን ቅልጣፈ ዝተመልኦን ይኸውን፡፡ ኣብዚ ዕድመ ክልል ዝርከቡ ህፃናት ምውዳድ ዓይኒ፣ እግርን ኢድን ዝተሓገዘ ስለዝኾነ ብምንቕስቓሶምን ብስራሕቶምን ኣቢሉ ዝፍጠር ዋዒ ይንፀባረቕ፡፡

ዘሕጉስዎም ነገራት ብምፍላይ ብተደጋጋሚ ምፍታን ዝፈትዉ እንትኾኑ ደስ ዘብሎም ነገር፤ ደቂ ሰባትን ኩነታትን ብምውጋድ ይፍሊጡ፡፡ ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮም ምፅዋትን ምሕዝነት ምፍጣርን ደስ ይበሎም፡፡

**እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ኣብዚ ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ተመራፂ ስለዝኾነ ወለዲ ክትግብርዎ ይግባእ፡፡**

- ብርክት ዝበሉ ንመፃወቲ ዘገልግሉ ነገራት ብምቕራብ ህፃናት ብዝተፈላለየ መንገዲ ተጠቒሞም ንክፃወቱሎም ምልዕዓል፤ ከምኡውን ብቐርባ ርሕቐት ብምኳን ኣናእሽቱ ነገራት ናብ ኣፎም ንክየእትውዎም ምምልካትን ምክትታልን ኣድላዪ እዩ፡፡

- ካብ ቆርቆሮ ዝተሰርሑ ታኒካታትን ዕንፀይትታትን ብምሃብ እቶም ህፃናት ከም ከበሮ ተጠቒሞም ድምፂ ኣናውፅኡ ንክዘናግዑ ምምችቻው ጠቓሚ እዩ፡፡
- ሓፀርቲ መዝሙራት ምዝማር ወይ ድማ ምስቶም ህፃናት ሓቢርካ ምፅዋትን ምዝማርን ህፃናት የሓጉስም እዩ፡፡
- ዝተፈላለዩ በዓል ሕብርታት ስእልታት፣ ካብ ጋዜጣታትን ካብ መፅሄታትን ብምእላሽ ነቶም ህፃናት ምሃብ፡፡ ኮይኑ ግና እቶም ስእልታት ንህፃናት ግቡእ ምኳኖም ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ፡፡
- ኣብ መንገዲ ህፃናት ሒዝኩም እንትትጓዓዙ ዝትሪኡዎም ዝተፈላለዩ ነገራት ብዝቐለለ ቋንቋ ምግላፅ የድሊ፡፡
- ምስ ህፃናት ብምስታፍ፣ ሓቚፍካ ብምሽክርካር፣ ብምኹርኳዕን ካልኦትን ተመሳሳሊ ኣካላዊ ምንኽኻእ ወይ ምትንካፍ ዝዕድሙ ፀወታታት ብምፅዋት ስምዒት ምዝንጋዕ ንክፈጥረሎም ምግባር የድሊ፡፡
- ህፃናት ሓቚፍካ ምስዓም፣ ርእሶም ወይ ኣእዳዎም ምድህሳስ ፅቡቕ ስምዒት ንክስመዮም ይገብር፡፡
- እቶም ህፃናት ኣትክልትታ፣ ዕምበባታትን ዛፋትን ናብ ዘለዎም ቦታ ወሲድካ ብዛዕባ ውሑናት ተኽልታት ብተደጋጋሚ ይዛረብዎም፡፡ ኣብ ካልእ ግዘ እቶም ህፃናት ባዕሎም ብዛዕባ እቶም ተኽልታት ገለፃ ክገብሩ ምብርትታዕ ኣገዳሲ እዩ፡፡

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት፡-** እዚ ዕድመ ኣብ መብዛሕቲኦም ህፃናት ናብ ኣፀደ ህፃናት ዝኸድሉ ግዘ እዩ፡፡ ዕብየት ኣካላት ስምዒት ህፃናት ብኣንፃራውነት ኣብ ዓብዪ ደረጃ ይበፅሕ፡፡ ህፃናት ናይ ባዕሎም ኮነ ናይ ካልኦት ስምዒት ምርዳእ ይኽእሉ፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ዝተፈላለለዩ መልሲ ምሃብ ይኽእሉ፡፡ ብደመ ነፍሲ ካብ ዝፍፅምዎም ተግባራት (ካብ ዘቓፅል ነገር ብቕልጡፍ ኢድካ ምርሓቕ) ብተወሳኺ ህፃናት በቲ ቅድም ኢሉ ዝፀንሐ ኣተዓባብያኦም ዝነበረ ግዘ ንክፍትኑ ብዝበለፀ ይተባብዑ ከምዝነበሩ ኩሉ ሕዚ እውን እንተኾነ በቲ ዝነበረ ናይ ምፍላጥን ምምርማርን ከይዲ ይቕፅሉ እዮም፡፡ ህፃናት ዝተፈላለዩ ተግባራት ንክፍትኑ እንተደኣዘይተበረታቲዖም ዘይምፍታን ምርጫኦም ገይሮም ተመልከቲ ይኾኑ፡፡

- ህፃናት ኣብ ድሕሪቶም ወይ ካብ ዝሪኡዎ ከባቢ ወፃኢ ዝኾኑ ሰባት እንተዛርብዎም ግቡእ መልሲ ምምላስ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

- ***ናይ ቀርባን ርሑቑን ናውትታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ ይግበኦም፡፡***
- ***ህፃናት ንዓውታ ድምፅታትን ደመኽቲ ነገራትን እንትቃልዑ ናይ ምርባሽ ወይ ስምዒት ምድንጋር ከምዝረኣዮም ምስትውዓል ኣድላዪ እዩ፡፡***
- ***ምንቅስቓስ ህፃናት ዝተወዓዓየ ወይ ድማ ዕረፍቲ ኣልቦ ምንቅስቓስ ዘለዎን ዝዓብለሎምን ምኻኑ ምርግጋፅ ይግባእ፡፡***
- ***ህፃናት ኣብ እዋን ፀወታ ወይ ምንቅስቓስ ቅልጡፍ ወይ ድማ ዝሕቱል፣ ንቑሕ ወይ ድማ ድኹማት ምኻኖም ምርግጋፅ የድሊ፡፡***
- ***እቶም ህፃናት ካብ ስሓኞን ፍሽኽታ ወፃኢ ዘለዉ መግለፅታት ስምዒት ንክግንዘቡ ዕድል ምምችቻው ግቡእ እዩ፡፡***
- ***ህፃናት ግቡእ ብዝኾነን ፅሬቱ ብዝሓለወን ስርዓተ ኣመጋግባ ምልምማድ ምኽኣሎም ኣድላዪ እዩ፡፡***
- ***ህፃናት ብዓርሰ ተበግሰኦም ጨናን መዓዛን ነገራት ምፍላይ ንክኽእሉ ምግባር የድሊ፡፡***
- ***ህፃናት መዓዛ ዘለዎም፣ ዝመሩ፣ ኩነታት ዝሑልን ምዉቕን ምፍላዮም ምርግጋፅ ይግባእ፡፡***

# ክፋል ክልተ፡- ፀወታ ህፃናት

## ረብሓ ፀወታ

### ዝተመደበሉ ግዘ፡ ሰልሳ ደቒቓ

### ፀወታ ንምንታይ ይጠቕም?

**መመያየጢ**

ቅድም ክብል ብዛዕባ ረብሓ ፀወታ ዝቐረቡ መበገሲ ነጥብታት ንተሳተፍቲ የንብቡሎም፡፡

- ፀወታ ህፃናት ዝመሃርሉ ወሳኒ መሳርሒ እዩ፡፡
- ፀወታ ንዕብየት ህፃናት ጠቓሚ እዩ፡፡
- ፀወታ ህፃናት ኣብ ዙርያኦም ዘለዉ ነገራት ዝርድእሉን ዝፍትሹሉን መሳርሒ እዩ፡፡
- ሓደሽቲ ነገራት ዝሓልምሉ/ዝትልምሉን ዝፈጥሩሉን መንገዲ እዩ፡፡
- ህፃናት ብፀወታ ኣቢሎም እንታይ ከምዝፈለጡ፣ ከምዝተረድኡን ከምዝደልዩን የርእዩ፡፡
- ፀወታ ህፃናት ተፈጥሮኣዊ ድልየቶም ዘማልእሉ መንገዲ እዩ፡፡
- ዕብየትን ምምሃርን ህፃናት ብምድጋፍ ፀወታ ቀንዲ ረብሓ ኣለዎ፡፡
- ፀወታ ማሕበራዊ ክእለት ህፃናት፣ ምዕባለ ኣእምሮ ዕብየት ቋንቋ ከምኡውን ዓቕሚ ፈጠራ የዕብዩ፡፡
- ብዙሕ ፀወታታት ዝፃወቱ ህፃናት ውፅኢታዊ ፍፃመ ትምህርቲ የመዝግቡ፡፡
- ፀመታ ዓለምላኻውን ሃገርለኸን ትሕዝቶ ዘለዎ ስለዝኾነ ኣብ ኩሎም ህፃናት ህይወት ዕውትነት ቁልፊ እጃም ኣለዎ፡፡

**ነዚ እዩ እውን መንግስቲ ኣብ ዘውፅኦ ማእቀፍ ፖሊሲ ክንክንን ዕብየትን ቀዳማይ ብርኪቁልዕነት ብመሰረታዊነት ዘቐመጦ፡፡**

**ተግባራዊ ልምምድ፡ ዕዮ ጉጅለ(20 ደቒቓ)**

> ***መመያየጢ***
>
> *ቅድሚ ምይይጥ ቀፂሎም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምሕታት ኩሎም ተሳተፍቲ ንጉጅለ ምይይጥ ድልዋት ንክኾኑ ምንቕቓሕ የድሊ፡፡ ካብ ተሳተፍቲ ዝለዓሉ ሕቶታትን ሓሳባትን ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍሎም፡፡*

1. *ህፃናት ኣብ ዝነበርክምሉ ግዘ እንታይ እንታይ ዓይነት ፀወታታት ትፃወቱ ኔርኩም*?
2. *ፀወታ ዕብየት ህፃናት እንታይ እንታይ ረብሓ ኣለዎ*?

> ***መመያየጢ***
>
> *ቀፂሉ ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ይጎጅልዎም፡፡ ስዒቦም ኣብ ዝቐረቡ ዛንታታት ንመራሕቲ ጉጅለ ብምሃብ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ጉጅለ ምንባብ ዝኽእል /ትኽኽል ተሳታፊ/ት ምስ ካልእ ዘመያይጥ ሰብ ነቲ ዛንታ ብምንባብ ምሕጋዝ የድሊ፡፡*
>
> *ዛንታ ድሕሪ ምንባብ ሕድሕድ ጉጅለ በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ሕቶታት ይመያየጡ፡፡*
>
> *ዝተኻየደ ምይይጥ ፀብፂብካ ንምቕራብ ዝተመረፁ ተሳተፍቲ ድሕሪ ምዝዛም ምይይጥ ወይ ዘተ ቁም ነገራት ምቕራብ ከምዘለዎም የዘኻኽርዎም፡፡*

ተሳተፍቲ ነዚ ዝቐረበ ዛንታ ምስ ኣንበቡ ተመያይጦም ዝምልስዎም ሕቶታት

1. እቶም ህፃናት እንታይ ዓይነት ፀወታ እናተፃወቱ እዮም?
2. ህፃናት እዚ ዓይነት ፀወታ ንምፅዋት ንምንታይ  ደልዮም?
3. ህፃናት ዝፃወቱዎም ፀወታታት ረብሓኦም ዘርዝሩ?

**ዛንታ/ነበረ,ያነበረ/ሓደ**

ኣልማዝ እትበሃል ጓል ኣርባዕተ ዓመት ቆልዓ ነይራ፡፡ ኣልማዝ ካብ ከባቢ መንበሪ ገዝኣ ከይረሓቐት ምፅዋት ትፈቱ፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ከምልማዳ እናተፃወታት እንከላ ካብዚ መጺኡ ዘይበሃል ዝብኢ ደበኽ ኢሉ ንሳ ብጣዕሚ ንትፈትዎ ንእሽተይ ምራኽ ሒዙ ክነኽሳ ጀመረ፡፡ እዛ ንእሽተይ ምራኽ እንትትውለድ ኣቦኣ ንኣልማዝ ጓሎም መሪቖም ሂቦምዋ ነይሮም፡፡ ይኹን'ምበር ዓይና እናረኣየት እቲ ዝብኢ እንትነኽሳ  ኣምሪራ በኸየት፡፡ ብኽያት ዝሰምዑን ዝረኣዩን ዓበይቲ ሰባት ጎዮም ብምርካብ፣ ነቲ ዝብኢ ኣባሪሮም ነታ ምራኽ ወላ እንተገላገሉዋ እኳ፣ ፍርቂ ኣካላት ዝኣክል  በለዓ፡፡ እዚ ዝሓዝን ፍፃመ ሓደ ወርሒ ዝገበረ እንትኸውን ኣልማዝ ከም ልማዳ ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኣ ትፃወት ኣላ፡፡ ኣልማዝ ነታ ትፈትዎ ንእሽተይ ድሙ ሓቑፋ እናደረዘት ትዛረብ ነይራ፡፡ ኣብ መንጎ ፀወታኣ ድምፂ እቲ ዝብኢ እናስመዐት፣ ኣፋ ድማ ከም ናይ ዝብኢ መፍርሒ ምንቅስቓስ እናኸፈተት ናይ ምንኻስ ዝዓይነቱ ተግባር ነታ ድሙ ተርእያ ነይራ፡፡ ብምቕፃል "ዘወር በል ኣያ ዝብኢ ዞወር በል!" እናበለት ነቲ ዝብኢ ናይ ምብራር ዓይነት ምንቅስቓስ ትሰርሕ ኣላ፡፡ ነታ ንእሽቶይ ድሙ ኣብ ቱቦ ውሽጢ ኣቐመጠታ፡፡ ይኹን'ምበር እታ ድሙ ካብቲ ቱባ ወፂኣ ጎያ ከደት፡፡

## ዛንታ/ነበረ,ያነበረ/ ክልተ

ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ሰይፈ ምስ መንታ ሓፍቱ ለታይ ሓቢራ ምፅዋት ደስ እዩ ዝብሎ፡፡ ሰይፈን ለታይን ከም ኣዶን ኣቦን ብምኳን ፀወታ ኣቕሓ ኣቕሓ ይፃወቱ፡፡ ፀወትኦም እዚ ይመስል ነይሩ፡፡

ሰይፈ፡- "ስምዒ፣ ጃኬተይ ኣበይ ኣሎ?

ለታይ፡- "ኣብቲ መንደቕ ተሰቒሉ ኣሎ፡፡"

ሰይፈ፡- "ሓፂብክዮ ዶ?"

ለታይ፡- "ዕዮ ገዛ ስለዝበዝሓኒ ኣይሓፀብኩዎን፡፡ ምሸት ክሓፅቦ እየ፡፡"በለቶ

ሰይፈ፡- “እንታይ እዩ ፀገምኪ! ትእዛዘይ ኣይተኽብርን! ጓሓት እንትወፅእ ንክትሓፅብዮ ተዛሪበኪ ዶ ነይረ? ብጣዕሚ ሃካይ ኢኺ፡፡” በላ ኩራ ብዘለዎ ድምፂ፡፡

ለታይ፡- “ወይለይ! እንታይ ክገብር ይኽእል! ዕዮ ገዛ እንተኾነ ኣይውዳእን፡፡ ናብ በረኻ ከይደ ዕንፀይቲ ኣርየ መፂአ፡፡ ናብ እንዳመጥሓን እኽሊ ከጥሕን ከድኩ፡፡ ተመሊሰ ድማ ንድራር ዝኸውን እንጀራ ሰንኪተ ፀብሒ ሰራሕኩ፡፡ በይዛኻ ንስኻ ድራርካ ክሳብ እትበልዕ ኣነ ጃኬትካ ክሓፅበልካ እየ፡፡” በለት ልስልስ ብዝበለ ኣዘራርባ፡፡

ሰይፈ፡- ብጣዕሚ ተናዲዱ በትሪ ብምሓዝ እናፈራረሐ “ኣንቲ ሃካይ፣ ዘይትረብሒ፣ ዝኣዘዝኩኺ ኩሉ ንምንታይ ዘይትፍፅሚ? ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ከመይ ጌርኪ ትእዛዘይ ከምእተኽብርን ከምእትፍፅምን ክርእየኪ እየ”፡፡ ብምባል ንለታይ ብበትሪ ሓውሲ ምግራፍ እናወቐዓ ኣፈራርሓ፡፡

ለታይ፡- “በይዛኻ ኣይትውቀዓኒ! ኡይ- ኡይ- ቀተለኒ! በይዛኻ ግደፈኒ” ብምባል ክተእውይ ጀመረት፡፡

ሰይፈ፡- “ካብ ጥቓይ ርሓቒ’ ሞ ክዳነይ ሕፀብዮ፡፡ ትእዛዘይ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ክትፍፅሚ ኣለኪ፡፡ እዛ በትሪ ድማ ከይትርስዕያ” በላ፡፡

## ዛንታ ሰለስተ

ሃይሉን ብርሃነን ጎኒ ንጎኒ ኮይኖም ብፀፀር እናተፃወቱ ነይሮም፡፡ ፀወታኦም ድማ እዚ ዝስዕብ ነይሩ፡፡(ፀሊምን ፃዕዳን ፀፀር ምቕራብ)

ሃይሉ፡- “ሰለስተ ፀፀር ሃበኒ?”

ብርሃነ፡- “ሓደ፣ ክልተ፣ ሰለስተ.....እንካ”

ሃይሉ፡- “እዚኦም ኣይደልን፡፡ ፀፀሊሞም /ፀሊም ጥራይ/ እየ ዝድሊ”

ብርሃነ፡- “ኣይ! ፀሊም ጥራይ ኣነ´ውን ይደልዮም እየ፡፡ ንመካይነይ ጎማ ክገብሮም እየ፡፡ ልክዕ ከምታ ጠጠው ኢላ ዘላ መኪና”

ሃይሉ፡- “ዕቡኽ ግደፎ ፀገም የብሉን … ኣነ´ውን ዓባይ መኪና ክሰርሕ እየ”፡፡ ብምባል ኮርዩ ተዛረበ፡፡

## ሓበራዊ ምይይጥ

### መመያየጢ

ተወከልቲ ሕድሕድ ጉጅለ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ደቒቓ መልሲ ጉጅለኦም ንክቐርቡ ይግብሩ፡፡ ኣባላት ጉጅለ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ሓሳቦም ክቕርቡ ይኽእሉ፡፡ ብኣብዝሓ ካብ ሕድሕድ ዛንታ ብቐሊሉ ክርኣዩ ካብ ዝኽእሉ ነጥብታት ውሽጢ ዝስዕቡ ይርከብዎም፡፡

- **ዛንታ ሓደ፡-** ኣልማዝ ድሕሪ ካብ ዘኻነፋ ዘደንግፅ ፍፃመ ብመልክዕ ፀወታ ደጊማ ንምፅዋት እንትትፍትን ይረአይ፡፡ ኣብዚ ድማ ዝተሰመዓ ከቢድ ስምዒት ብምግላፅ ዕረፍቲ ንምርካብ እናፈተነት እያ፡፡
- **ዛንታ ክልተ፡-** ሰይፈን ለታይን ኣብ ገዝኦም ዘለዉ ብተደጋጋሚ ዝሪኡዎ ናይ ኣቦኦምን ኣዲኦምን ኩነታት መሲልካ ምፅዋት (ፀወታ ገዛ ገዛ) እንተርእዩ ምስትብሃል ይክኣል፡፡
- **ዛንታ ሰለስተ፡-** ብርሃነን ሃይሉን ኣብ ከይዲ ፀወታ ክእለት ንግግር ንምዕባይ፣ ፍልጠት ሕብርታትን ቅርፅታትን ንምዕባይ ከምኡውን ቁፅሪ ምቑፃር፣ ዓይነትን ረብሓን ኣቑሑ ንምፍላይ ሓጊዝዎም እዩ፡፡

## ቁልፊ መልእኽትታት (ሓሙሽተ ደቒቓ)

> **መሳለጥቲ**
>
> ቁልፊ መልእኽትታት ኣንብቡሎም፡፡

- ፀወታ ዕብየት ህፃናት ብዝተማልአ መልክዑ ብምቅልጣፍን ክእለታት ፈጠራኦም ኣብ ምዕባይ ወሳናይ ግደ ኣለዎ፡፡ ህፃናት ኣብ ከይዲ ፀወታ  ሓደሽቲ ቃላት ይመሃሩ እዮም፡፡ ሰዋስው ይመሃሩ፡፡ ከምኡውን ሪጋ ሓልዮም ምዝራብ ይለማመዱ፡፡
- ህፃናት መሲልካ ምፅዋት ክእለት ማሕበራዊነት የማዕብሉ፣ ብናይ ካልኦት ሰባት ምልከታ ኩነታት ንክርድኡ ይሕግዞም፡፡ ንምድርዳርን ፀገም ንምፍታሕን ዘገልግሉ ቃላት (በይዛኻ/ኺ እቲ ኣቕሓ ኣቀብለኒ /ኣቐብልኒ፣ ሓደ ግዘ በቲ ሒዝካዮ/ ሒዝክዮ ዘለኺ መፃወቲ ንኽፃወት ፍቐድለይ/ፍቐደለይ፣ ዝኣመሰሉ) ንኽጥቀሙ ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ኣብ ፀወታ  ዘጋጥሞም ዘየድሊ ተኻንፎን ዘጨንቕ ኩነታትን የቃልል ወይ ድማ ይሕክም፡፡

- ህፃናት ኣብ ፀወታ ዘጋጥሙ ፀገማት ክእለት ምፍታሕ የዕብይ፡፡

## ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### ረብሓ ፀወታ፡-

- ፀወታ ኣካላዊ ዕብየት የማዕብል፡፡
- ህፃናት ድሕንነት ንክስምዖም ይገብር፡፡
- ምፅዋት ጥዕና ህፃናት ካብ ምርግጋፅ ሓሊፉ ዝፈተላለዩ ነገራት ንክመሃሩ ዕድል ይፈጥሩ፡፡
- ክእለታት ምርድዳእ፣ ምስ ካልኦት ህፃናት ጥዕና ዘለዎ ርክብ ንክህልዎም የኽእል፡፡
- ምሕሳብ ንክኽእሉን ፀገማት ንክፈትሑን ይሕግዝ፡፡
- ምውዳድ ኢ.ድን ዓይንን የማዕብል፡፡
- ዓበይትን ኣናእሽቱን ጭዋዳታት ምውዳድን ምቑፅፃርን ንክኽእሉ ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ኣብ ዙርያኦም ዘሎ ከባቢ ብናይ ዓርሶም መንገዲ ንክፈጥሩ/ንምፍታሽ ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ብዛዕባ ቅርፂ፣ መጠንን ክብደትን ቁመት ንፅፅርን ካልኦትን ክእለት ህይወት ንኽዕብዩ ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ውሳነታት ንኽውስኑ፣ ፀገም ምፍታሕ ንክለማመዱ፣ ብሓባር ንኽተሓባበሩ፣ ንኽትልሙን ንኽሪኡን ይሕግዝ፡፡
- ምሕላም/ሓሳባዊን ፈጠራን የበረታትዕ፡፡
- ፀወታ ወሳኒ መድሕን ህፃናት እዩ፡፡ ብፍላይ ምህዋኽ ስምዒት/ ድንጋፀ ንዝረኣዮም ህፃናት ፀወታ ካብቲ ዘለውዎ ስምዒት ንክወፁን ንክረጋግኡን ይሕግዝ፡፡
- ህፃናት ዝተፈላለዩ ስምዒቶም፣ ጥዕንኦም ሕልው ብዝኾነ መልክዑ ንክገልፁ ይሕግዝ፡፡
- ትኹረት ህፃናት የማዕብል፣ የዕቢ፣ ትእዛዝ ናይ ምሕላውን ምትግባርን ዓቕሞም የመሓይሽ፡፡
- ህፃናት ብዛዕባ ተመሳሰልትን ዝተፈላለዩን ነገራት ንክፈልጡ ይሕግዝ።
- ምንባብን ምፅሓፍን ብቅልጡፍ ንክምሃሩ ይሕግዝ።
- ዓቕሚ ፍልጠት ህፃናት የስፍሕ።
- ህፃናት ብፀወታ ሓቅታት ዓለም ይፈልጡ።

- *ህፃናት እንትፃወቱ ባዕሎም ብነፃነት ናይ ምግላፅ፣ ዝደለይዎ ናይ ምምራፅ /ናይ ምትግባር፤ ናይ ምድህሳስ፣ ናይ ምፍጣርን፣ ነገራት ናይ ምፍታንን ናይ ምፅዋትን ኣንፈት ናይ ምውሳን ዓቕሚ ይህልዎም።*
- *ፀወታ ቀልቢ ህፃናት ብምዕባይ ዓብዪ ተራ ይፃወት።*
- *ፀወታ ህፃናት ብርክት ዝበሉ ነገራት ብምክታት ማለት እውን ከባቢ ናይ ምድህሳስ፣ ክእለት ቋንቋ ናይ ምፍታሽ፣ ፀገማት ናይ ምፍታሕ ክእለት፣ ክእለት ምዕባይ ማሕበራዊ ተሳትፎ የማዕብል።*
- *ህፃናት ብፀወታ ባዕሎም ብርክት ዝበሉ ክእለታት እናማዕበሉ ይዓብዩ።*

## ምይይጥ ኣርባዕተ፡ ዓይነታት ፀወታ

## ዝተመደበ ግዜ፡ ሓደ ሰዓት

**መመያየጢ**

*ህፃናት ምስ መሰታ ዕድሚኦም ዝተፈላለዩ ፀወታታት ክመርፁ ይኽእሉ። ደረጃ ብርኪ ዕብየት ኣካላዊን ኣእምሯኣዊን ህፃናት ዝመርፅዎን ዝፃወቱዎን ዓይነት ፀወታ ይውስኑ። ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ባህልን ከባቢን ብዙሓት ዓይነት ፀወታታት ይርከቡ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ምምስሳል ፀወታ ዋላ እንተሃለወ ከከም ከባቢኡ ዝርከብ ባህሊ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ህፃናት ኣለዉ፡፡*

## ተግባራዊ ልምምድ፡ ጉጅለ ዕዮ (40 ደቒቓ)

*መመያየጢ፡- ኣብ ዝኾነ ባህሊን ከባቢን ብዙሓት ዓይነታት ፀወታታት ይርከቡ። ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ዝመሳሳሉ ፀወታታት ዋላ እንተሃለዉ ከከም ባህሊ እቲ ከባቢ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ኣለዉ።*

*ኣብ ጉጅለ ምይይጥ ወለዲ ከከም ዕድመ ህፃናት ዓይነታት ፀወታ ይመርፁ።*

**ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ምምዳብ።**

*ካብ ወሊድ ሓደ ጉጅለ ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዝኣክል ዘለዉ ህፃናት ብዛዕባ ኩሉግዘ ወይ ብኣብዝሓ ዝፃወቱዎም ፀወታታት ኣመልኪቱ ይመያየጥ፣ ክልቲኦም ጉጅለታት ካብ ሓደ ዓመት ፈረቓን ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ብዛዕባ ዘዘውትሩዎም ፀወታታት ኣመልኪቱ ይመያየጡ፣ ጉጅለ ሰለስተ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ብዛዕባ ዘዘውትሩዎም ፀወታታት ኣመልኪቱ ይመያየጡ። ተወከልቲ ጉጅለታት ፍረ ሓሳብ እቲ ምይይጥ ንክፅብፅቡ ይገብር።*

## ሓበራዊ ምይይጥ

### መመያየጢ

*ግዘ ምይይጥ ጉጅለ እንትውዳእ ተወካሊ ጉጅለ ብዛዕባ መልስታት ጉጅለ ኣብ ሰለስተ ደቒቓ ሓፂር መብርሂ ንክህቡ ይግበሩ። ብተወሳኺ ሕድሕድ ጉጅለ ካብ ዝተመደበሉ ደረጃ ዕድመ ህፃናት ኣንፃር ወካሊ ዝኾነ ሓደ ፀወታ መሪፁ ከም ኣደን ህፃንን ብምኳን ብመልክዕ ፀወታታት ንክርእዩ ምብርትታዕ የድሊ።*

*ኣብዚ መወዳእታ መርሃ ግብሪ ምይይጥ ዝተቐመጠ ተወሳኺ ሓበሬታ እቲ መመያየጢ ብምንባብ ንተሳተፍቲ መጠናኽሪ ምሃብ ኣድላዪ እዩ።*

## ቁልፊ ምልእኽትታት (5 ደቒቓ)

> ***መመያየጢ***
>
> ቁልፊ መልእኽትታት የንብቡሎም፡፡

- ደረጃ ፀወታ ህፃናት  ኣካላዊ፣ ኣእምሯውን ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየቶም የመላኽት። ብተወሳኺ ፀወታ ናይቶም ህፃናት ድሌትን ምልዕዓል ፈጠራዊ ስራሕትን የመላኽት እዩ።
- ካብ ዝተወለድሉ ግዘ ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዘለዉ ህፃናት ኣካላዊ ስምዒቶም ተጠቒሞም ምፅዋት ይመርፁ።
- ካብ ሓደ ዓመት ፈረቓን ክሳብ ሰለሰተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ናውትታት ብምእካብ ብምልዕዓልን ብምድርባይን ኣብ ሰፍሕቲ ናውትታት ውሽጢ ብምእታውን ብምዝርጋፍን ምፅዋት ይፈትዉ።
- መሲልካ ምፅዋት ማለት ከም ኣዶን ኣቦን ካልኦት ሰብ ሞያ መሲልካ ምፅዋት ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ዘለው ህፃናት ዝፈትውዎምን ዘዘውትሩዎምን ፀወታታት እዮም።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንመመያየጢ

## ዓይነታት ፀወታ ብብርኪ ዕድመ ህፃናት

ህፃናት ብፀወታ ኣቢሎም ሓቅታት ዓለም ይፈልጡ። ህፃናት እንትፃወቱ ባዕሎም ብነፃነት ናይ ምግላፅ፣ ዝደለይዎ ናይ ምምራፅ/ምስራሕ፣ ምድህስሳ፣ ምፍጣር፣ ነገራት ናይ ምፍታንን ምፅዋትን ኣንፈት ናይ ምውሳን ዓቐሚ ይህልዎም። ፀወታ ቀልቢ ህፃናት ክዓቢ ኣብ ምግባር ዓብዪ ረብሓ ይፃወት። ፀወታ ህፃናት ብርክት ዝበሉ ነገራት ኣካቲቱ ማለት ከባቢ ናይ ምድህሳስ፣ ክእለት ቋንቋ ናይ ምፍታሽ ፀገማት ናይ ምፍታሕን ማሕበራዊ ክእለታት ናይ ምዕባይን ተግባራት ይትሕዝ።

ኣብ ሕድሕድ ፀወታ ህፃናት ባዕሎም ብዙሓት ክእለታት እናማዕበሉ ይኸዱ። ህፃናት ምስ ዕድሚኦም ዝኸዱ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክመርፁ ይኽእሉ። ምስ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ደረጃ ዕብየት ህፃናት ብምንፅፃር ዝመርፅዎን ዝፃወቱዎን ዓይነታት ፀወታ ይውስን።

## ህፃናት ካብ ውልደት ክሳብ ክልተ ዓመት ዝፃወትዎም ዓይነታት ፀወታ

- ኣካላቶም ምእዛዝ ማለት ርእሶም ምቁፅፃንር ምንክብላልን፣ ምውቃዕን ታተ ምባልን ይጅምሩ።
- ኣእዳዎም ብፍላይ ኣፃብዕቶም ብቕልጡፍ እናጠንከረ ኣቑሑ ምሓዝ ይጅምሩ።
- ኣእዳዎምን ኣዒንቶምን ብምጥቃም ከባቢኦም ይድህስሱ። ህፃናት ታተ ታተ ምባል እንትጅምሩ በቢኣንፈቱ ብምንቅስቓስ ከባቢኦም ይድህስሱ፣ ነገራት ብምጉታት ወይ ብምሓዝ ንምልዓል ፃዕሪ ይገብሩ። ብምቕፃል ምኻድ ይጅምሩ።
- ብኣብዝሓ ምስ ኣቑሑ ምፅዋት ይፈትዉ።
- ክእለት ቅድመ ቋንቋ ንምፍታሽ ዝሕግዙ ድምፅታት ብምውፃእ ምላሽ ብምሃብ ይዘናግዑ እዮም።
- ህፃናት ካልኦት ሰባት እንትዛረቡ ካብ ዝርእዮም ኩነታት ስምዒት ገፅ፣ ቅላፀ ኣወፃፅኣ ድምፂ ከምኡ'ውን ቅልጣፈን ሓይልን ኣዘራርብኦም ብምምልካት እንታይ ንምባል ከምዝደለዩ ብመጠኑ ንምርዳእ ይፍትኑ።
- ፀወታ ንህፃናት ብዛዕባ ኣመሰራርታ ሙሉእ ሓሳብ ንክፍትኑ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ይፈጥሮሎም። ኣብ እዋን ፀወታ ዝጥቀምሎም ናውትታት ስም እንትፅዋዕ/ እንትፅራሕ ሰሚዖም /ኣድሚዖም ደጊሞም ብምፅዋዕ በዝሒ ቃላት ይፈልጡ።
- ድሌቶም ንምፍላይን ንምድርዳር፣ ሓሳቦም ንምግላፅ ህፃናት ፀወታ ከም መሳርሒ ይጥቀሙ።
- ህፃናት ምስሎም ብምስትዋት እናረኣዩ ምስ ምስሎም ምፅዋት የሓጉሶም።
- ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝረኣይ ፀወታ ኣካላዊ ምንቅስቓሶም ዝማዕበለ፣ ስምዒት ኣካለቶም ዘሳትፍን ኩነታት ከባቢ ምድህስሳን ትኹረት ዝገበረ እዩ።
- ህፃናት ዘውፅኡዎም ድምፅታት ካብ ምፍታን ብተወሳኺ ካብ ወለዲ/ መዕበይቲ ሓቢሮም ልውውጥ ድምፂ ብምክያድ ይሕጎሱ።
- ህፃናት እናዓበዩ ኣብዝኸድሉ ግዘ ኣብ ውሽጢ ፀወታታት ዘሎ ቅድም ሰዓብ ይርድኡ።
- ኣቑሑ ምትእካብን ኣብ ሓደ ቦታ ምቐማጥን መሊስካ ምብታንን ይጅምሩ።
- እዚ ድማ መሲልካ ንምፅዋት ከም መጀመሪ እዩ ዝቑፀር።
- ህፃናት ፈለማ ኣብ ቀረበኦም ምስ ዘለዉ ህፃናት ተመዓዲዎም ናይ ባዕሎም ፀወታ ይጅምሩ።

- ኣብ ከይዲ ድማ ሓቢሮም ምፅዋት ይለማመዱ። ብርኪ/ ደረጃ ትኹረት ናይ ምግባር ኣብ ህፃናት ብጣዕሚ ዝነኣሰ ስለዝኾነ ዝሓዝዎ ናውቲ ንካልኦት ንምሃብ ፍቓድኛታት ኣይኮኑን። ስለዝኾነ ድማ ህፃናት ብሓገዝ ወለዲ መዕበዪ ናውትታቶም ንከካፍሉ ሓገዝ ምግባር ተመራፂ እዩ።

## ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለው ህፃናት ዝፃወቱዎም ዓይነታት ፀወታ

- ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ብኣንፃራውነት ብቕልጡፍ ክእለት ምርዳእ ፣ ዝሓሸ ክእለት ቋንቋን ኣናእሽቱን ዓበይትን ጭዋዳታትን ዝማዕብሉ፣ ዝማዕበለ ማሕበራዊ ርክብን ኣለዎም።
- ሕልሚ ሓሳባዊ ፀወታ ንምትግባር ዘኽእል ዓቕሚ ይህልዎም። እዚ ዝማዕበለ ዓቕሚ ናይቶም ህፃናት ዓቕሚ ምሕላም ንምስፋሕ ይሕግዝ።
- ህፃናት ከም ኣቦን ኣዶን ኣቦ ሓጎ፣ ሓኪም ፣ መምህር፣ ሹቕ ነጋዳይ፣ ዝብኢ፣ ድሙን ካልኦትን መሲሎም ንምፅዋት ይፍትኑ፡፡
- ህፃናት ኣብቲ ፀወታ ናይ ባዕሎም ዓለም ንምፍጣር፣ ባህሎምን ናይ ባዕሎም ምንነትን ብመጠኑ ንምትእትታው/ንምፍታን ይጥቀምሉ፡፡
- መብዛሕቲኦም መሲልካ ምፅዋት ምስ ህይወት ስድራ ዝብገሱ እዮም፡፡
- ሓደ ሓደ ፀወታታት ህፃናት ካብ ዝሰምዑዎም ዛንታት፣ ነበረያ ነበረ ገፀ ባህርያት ወሲዶም ብድሌት ህፃናት ተቀይሮም ክቐርቡ ይኽእሉ፡፡

## ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ዝፃወቱዎ ዓይነታት ፀወታ

- ኣብዚ ክልል ዕድመ ዘለው ህፃናት ሓቀኛ ህይወት ዘለዉ ተግባራት (ምግቢ ምብሳል፣ ናውትታት ምስራሕ/ ምድርዳር/ምርዕራ) ኣብ ሓሳባዊ ፀወታታት የተኩሩ፡፡
- ኣብዞም ፀወታታት ህፃናት ብጉጅለ ናይ ምስራሕ ክእለት ምዕባይ ሕግታት ናይ ምኽታል ረብሓ ይመሃሩ፡፡
- ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ምስ ብመነፅር ዕብየት ኣእምሮ ሕብርታት፣ ቅርፅታትን መጠንን ምፍላይ፣ ቅደም ሰዓብ ምርዳእ፣ ርክብ ነፀላን ድርብን/ምሉእን ምግንዛብ፣ ነገራት ምፍላይ ዓቕሚ የማዕብሉ፡፡
- ብፍላይ እዚ ክእለት ንምዕባይ ህፃናት ኣብ ዙርያኦም ዝርከቡ ናውትታት ናይ ምፍታሽን ፀወታታት ህንፃ ምህናፅን ልምዲ ምፅዋትን ክህልዎም ይግባእ፡፡

## ሓላፍነት ወለዲ/መዕበይቲ ኣብ ምድጋፍ ፀወታ ህፃናት

ዝተመደበ ግዘ፡- ሓደ ሰዓት

ኩሉ መዳያዊ ዕብየት ህፃናት ንምዕባይ ፀወታ ዘለዎ ግደ ዘይትካእ እዩ፡፡ ወለዲ ድሌት ህፃናት ካብ ምፍላይ/ምርዳእ ጀሚሩ ኣብ ከባቢኦም ንፀወታ ህፃናት ዝሕግዞም ናውቲ ብምቅራብ ድሌት ፀወታ ምምላእ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡

ኣብ ውሽጢ ገዛ ወይ ቀፅሪ /መረባ ንመፃወቲ ናውቲ ህፃናት ዝኸውን ቦታ ብምድላውን ምችው ብምግባርን ብነፃነት ንክፃወቱ ዕድል ምፍጣር የድሊ፡፡ ብተወሳኺ ምስ ህፃናት ሓቢርካ ንምፅዋት ክበረታትዑ ምግባር የድሊ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ ጉጅለ ዕዮ /40 ደቒቓ/

**መመያየጢ**

ወለዲ ወይ መዕበይቲ ድልየት ፀወታ ህፃናት ብምንታይ መልክዕን ከመይን ከምዝድግፉ ኣብዚ ምይይጥ ብሰፊሕ ከምዝለዓል ብምሕባር ቅድሚ ስራሕቲ ጉጅለ ዝስዕቡ ሰለስተ መበገሲ ሕቶታት ብምቕራብ ዝተወሰኑ ተሳተፍቲ መልሲ ክትሕዙ ትፅቢት ይግብር፡፡

1. ኣካላዊ ዕብየት ህፃን ሰለስተ ኣዋርሕ ንምዕባይ እንታይ ዓይነት ፀወታ የፃውቱ?
2. ካብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ክሳብ ሰለስተ ዓመትን ዘለው ህፃናት ማበራዊ ዕብየት ንምድጋፍ እንታይ ዓይነት ፀወታ የፃወቱ?
3. ክእለት ምዝካር ህፃን ሰለስተ ዓመት ንምዕባይ እንታይ ዓይነት ፀወታ የፃወቱ?

ወለዲ ወይ መዕበይቲ ፀወታ ህፃናት ንምድጋፍ ዝኽእል ክእለት ብምዕባይ ዕብየት ህፃናት ምድጋፍ ግቡእ ከምዝኾነ ንተሳተፍቲ ይንገርዎም፡፡

እዚ ምይይጥ ዝተፈላለዩ ፀወታት ህፃናት መሐገዚ መንገድታት ከምዝሪኡ ምዝራብ፡፡

**መመያየጢ**

ንጉጅለ ስራ ከምዝምችው ብምግባር ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ምውቓር፡፡ ሓደ ጉጅለ ካብ ውልደት ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዘለው ህፃናት ብዝምልከት፤ ጉጅለ ክለተ ካብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ብዝምልከት ከምኡ'ውን ሳልሳይ ጉጅለካብ ሰለስተ ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ዝምልከት ካብዚ ስዒቡ ዝተሓበሩ ሕቶታት ይመያየጡ፡፡ ተወከልቲ ጉጅለ ፍረ ሓሳባት ምይይጥ ንክፅብፅቡ ይገብር፡፡

## ሕቶታት ጉጅለ ምይይጥ

1. ኣካላዊ ዕብየት ህፃናት ንምምዕባል እንታይ ዓይነት ፀወታታት ይተባብዑ? ዕብየት ቋንቋ ንምዕባይ ከ? ኣእምሮኣዊ ዕብየት ንምዕባይ ከ? እንታይ ዓይነት ፀወታታት የተባብዑዎም?
2. ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዓውድታት ዕብየት ንምዕባይ እንታይ ዓይነት መፃወቲ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ናውትታት ምምራት ይኽእሉ?

## ሓበራዊ ምይይጥ

**መመያየጢ**

ተወከልቲ ጉጅለ ምይይጥ ዘካይድዎም ፍረ ሓሳባት ንክኽቅርቡ ይግበሩ፡፡ ንሕድሕድ ጉጅለ ሰለስተ ደቒቓ ይወሃቦ፡፡ ኣብ ተሳተፍቲ ዝቐርቡ ርኢቶን ሕቶን እንተልዩ ድሕሪ ፀብፃብ ጉጅለ ቀፂሉ ንሰለስተ ተሳተፍቲ ዕድል ይሃቡ፡፡
ኣብ ዝቐረቡ ፀብፃባትን ርኢቶታትን መመያየጢ ኣካል ግብረ መልሲ ክህቡ ብምግባር ንዝቐረቡ ሕቶታት መልሲ ይሃቡ፡፡ ዝወሃቦም ሓበሬታ ኣብዚ ሰነድ ውሽጢ ምስ ዘሎ ሓበሬታ ተመሳሳሊ ክኾን ይግበእ፡፡

# ቁልፊ መልእኽትታት /5 ደቒቓ/

***መመያየጢ***

***ቁልፊ መልእኽትታት ንተሳተፍቲ የንብቡሎም***

- *ወለዲ ወይ መዕበይቲ ኣብ ገዝኦም ወይ መረባኦም ህፃናት ክፃወትሉ ዝግባእ ዕሬቱ ዝሓለወ ካብ ሓደጋ ዝተኸለለ ወይ ዝተሓፀረ፣ ምችው ዝኾነ ቦታን መፃወቲ ናውቲ ዘለው ቦታ ምድላው ትዕቢት ይግበር፡፡*
- *መሳርሕታት መፃወቲ ህፃናት ካብ ከባቢ ዝርከቡ ናውቲ ምድላው ግቡእ እዩ፡፡*
- *ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ፀወታታት ንክፃወቱ ምትብባዕ፣ ሓደ ሓደ ግዘ እውን ሓቢርካ ብምፅዋት ብድሌትን መረፃን ህፃናት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባ፡፡*
- *ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት በቢዕለቱ ብቑዕ ብዝኾነ ኩነታት ንክፃወቱን ናይ ቀረባ ክትትልን ድጋፍን (ሓገዝ) ወለዲ ምህላዉ ኩሉ ግዘ ምግምጋም ይግባእ፡፡*
- *ወለዲ/ መዕበይቲ ፀወታ ደቆም  እንትሓስቡ ዝስዕቡ ነጥብታት ምርኣይ ይግባእ፡፡*
  - *ደቐይ ብንቕሓት ይፃወቱ ዶ? ከመይ እዮም ዝፃወቱ?*
  - *ደቐይ ንክፃወቱ ብገበእ የተባብዖም ድየ? ወይ ትኹረት ኣይህቦምን?*
  - *ብቑዕ ዘድልዩ መፃወቲ ኣቑሑ ኣቕሪበ ዶ?*
  - *ገዛይን ደቀይ ዝመሃርሉ ቤት ትምህርትን ንፀወታ ምችው ድዮም?*
  - *ደቐይ በቢዕለቱ ዝበዝሕ ግዚኦም ብፀወታ ንኸሕፍዎ ምችው ነገር ኣለዎም ዶ?*

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንመመያየጢ

## እኹል ዝኾነ ናውትታት መፃወቲ ምቕራብ

*ፀወታ ብዙሕ ወፃእን ሕልኽላኽ ነገራትን ዘየድሊ ዕብየት ህፃናት ትምህርቲ ንምዕባይ/ንምስትኽኻል  ረብሕኡ ዝዓዘዘ መሳርሒ እዩ፡፡ መብዛቲኦም ሰብ ሞያ ዕብየት ህፃናት ከምዝሕብርዎ ህፃናት ንመፃወቲ ዘገልግሉዎም ናውትታት ኣብ ውሽጢ ገዛን ከባቢን ዝርከቡ እንትኾኑ ካብ ዕደጋ ኣዳሊኻ ምቕራብ ከምዝከኣል እዩ፡፡ ወለዲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰብ ሞያ ኪነ-ጥበብ ብምዝርራብ ሓገዝቲ ናውትታት ብምድላው ንክሕግዝዎም ምግባር ዝኽእሉ ምኻኖምን ኣብ ከባቢኦም ንህፃናት መፃወቲ ገዛ/ሰፍራ ብምድላው ዝተጠናኸረ ስራሕ ምስራሕ ይኽእሉ፡፡*

## ካብ ውልደት ክሳብ ሓደ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ዝምልከት

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ትኹረት ፀወታ ብኣብዝሓ ዝረኣይ ኣካላዊ ምንቅስቓስን (ኣፃብዕቲ፣ እግሮምን ካልኦት ኣካላዊ ምንቅስቓስን ብምጥቃም) ቋንቋ ዝርርብን ምዕባይ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ክእለት ማሕበራዊ ርክብን ደረጃ ትኹረት ምሃብ ምምዕባልን ከምኡውን ሓደሽቲ ነገራት ምፍታሽን ምፍታንን ዘተኮሩ ተግባራት ቆላሕታ ይገብሩ፡፡

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዘለዉ ህፃናት እንትፃወቱ ክትትል ዓበይቲ ይደልዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ብቐሊሉ ዝፃወቱሎም ናውትታት ናብ ኣፎም ኣእቲዎም ክዕፈኑ ወይ ክጉድኡ ይኽእሉ፡፡

## ካብ ውልደት ክሳብ ሰለስተ ወርሒ

- ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ወረቓቕቲ ጨርቅታት ህፃናት ንክሪኡዎ ኣብ ዝኽእልሉ ቦታ ምንጥልጣል /ምስቃል/፡፡
- መዝሙራት ርግእ ብዝበለ ድምፂ ምዝማር፡፡
- ተንቀሳቐስቲ ነገራት ንክምልከቱ ምግባርን ንኣብነት ኣብ ፊት ንፊት ህፃናት ናብ ፀጋምን የማንን ምምልላስ፡፡
- ምትንኻፍ ክፍሊ ኣካላት፣ መዝሙር ምዝማርን ውቅዒት መዝሙር ዝምልከት ብእግሮም መሬት እናወቅዑ ክዝምሩ/ክፃወቱ ምግባርን፡፡

## ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽድሽተ ወርሒ

- ቀዋሚ መርሃ ግበሪ ወይ ፕሮግራም መዝሙር ክወፅእ ብምግባር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተሓወሶ መዝሙር ምዝማር /ምፅዋት/፡፡
- ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ኣብ ሓደ ንእስ ዝበለ ሓፂን �ź ንምእታው ኣብ ቀረባ እቶም ህፃናት ብድሕሪኦም ብምኹን ድምፂ ከምዘውፅእ ጌርካ ብምሕቛን ክሰምዑ ምግባር፡፡
- ህፃናት ድምፂ ናብ ዝሰምዕሉ ቦታ ምኺኖም ምክትታል፡፡

## ካብ ሽድሽተ ክሳብ ትሽዓተ ወርሒ

1. ዝለመድዎ ቢንቡላ/ቃንጫመርዓት ኣብ ውሽጢ ሓደ ክፍሊ  ብምሕባእ ብሓባር ኮይኖም ክእልሹ ምግባር፡፡

- ድምቕትን ፎካስን ኩዕሶ ናብቶም ህፃናት ብምንክብላል ንኽሕዙዎ ክፍትኑን መለሲም ንኽንካባልሉዎን ምልምማድ፡፡
- ድምፂ ዘውፅኡቢንቡላ/ቃንጫመርዓት እቶም ህፃናት ኣብ ዝኻዓዝሉ ቦታ ብምቕማጥ ንክረግፅዎምን ድምፂ እንተውፅኡ መሊሶም ንከስምዑን ምብርትታዕ፡፡
- ዝተፈላለዩ ኣዝርእትን ንእስ ዝበለ ብረት ኗዳ መኽደኒ ኣብ ውሽጢ ኣእቲኻ ንህፃናት ሂብካ ንከዋዛውዝዎ ብምግባር ብዝፈጥርዎ ድምፂ ንኽነቓቕሑ ምሕጋዝ፡፡
- ሕብሕብኢተይ ወይ ጭር ዶ ገና! ይሪአካ/ኪ ኣለኹ ዓይነት ፀወታታት ምፅዋት፡፡
- ቀሊልን ዝምችውን ቢንቡላ ካብ ዘየገልግሉ ጨርቅታት ምድላው፡፡
- ካብ ፕላስቲ ዝተሰርሑ ናውትታት ማለት ማንካ፣ መመገቢ ሽሓነን ካልኢትን ምቕራብ

## ካብ ትሽዓተ ወርሒ ክሳብ  ሓደ ዓመት

- ድምፂ ዘውፅኡ ናውትታት ምቕራብ ፡- ካብ ብረት ወይ ሓፂን ዝተሰርሑ ናውትታት ሕድሕዶም ብምልታም በቲ ድምፂ ንኽነቓቐሑ ምግባር፡፡
- ኣብ ውሽጢ ፅሩይን ንእሽተይን ኣቑሑ መሕፀቢ  ማይ ብምውሳኽን ዝንሳፈፍ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ ዕምበባ፣ ኣራሻታን ካልኦት ነገራትን ብምጥቃም እቶም ህፃናት ዝንሳፈፉ ዘለው ንክትሓዙ ምብርትታዕን /ምትብባዕን/ ምክትታልን፡፡
- ህፃናት ኣብ ብርክኻ ሓቑፍካ ዛንታ/ነበረያነበረ ምንጋር፡- ዛንታታት ካብ መፅሓፍ ወይ ፈጢርካ ዝትግበር ሚላ ትረኻ ተጠቒምካ ምዝንታው፡፡ ብፍላይ ቃላትን ሓረጋትን ብምድግጋም ማለት እንትትነዪ....... እንትትነዪ...... ንስኺ..... ንስኺ..... ንስኺ ዝመሳሰሉ ብምጥቃም ትኹረት ንክህቡ ምግባር፡፡
- መዝሙር ህፃናት ምዝማር
- ፈለማ ቢንቡላ ክሪኡ ምግባር፡፡ ብምቕፃል ነቲ ቢንቡላ ብፎጣ/ሽጎማነ ወይ ድማ ኣብ ናይ ህፃናት ኮበርታ ብምሽፋን ኣሊሾም ንክረኽብዎ ምሕጋዝ፡፡
- ነቶም ህፃናት ናብ መናፈሲ /መዘናግዒ ቦታ ወሲድካ ሳዕርን ደረቕ መሬትን ዘለዎም ኣፈላላይ ብታተ ታተ ኣፈላላዮም ንክፈልጡ ዕድል ምፍጣር፡፡
- ካብ ዘየገልግሉ ኣጭርቕቲ ዝተሰርሑ ቢንቡላ ብምስራሕ ንክፃወቱ ምግባር፡፡

- ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሑ ማንካ፣ ኩባያ/ቢከር፣ ሽሓነ ምቕራብ፡፡
- ሕብሕብኢ.ተይ ምፅዋት፡፡
- ወረቓቕቲ ምጭምዳድን ምቕዳድን፡- ህፃናት ንከይበልዑዎ ክትትል ምግባር የድሊ፡፡
- ፀወታ ማይ፡- ስፖንጅ መለክዒ ኩባያ/ቢከር፣ ማይ ኣብ ጉድጉድ ዝበለ መሕፀቢ ሽሓነ ብምቕራብ ክፃወቱ ምግባር፡፡
- ኩዕሶ ብሓባር ምፅዋት
- ኣብ ዓበይቲ ኮርቶን ህፃናት ኣብ ዝኸድሉ ቦታ ብምግባር ብውሽጢ ሸሊኾም ንክሓልፉ ምብርትታዕ፡፡
- ምኹርካዕ- ሓሊፉ ሓሊፉ ነቶም ህፃናት ብምኹር኿ዕ ምፅዋት ይኹን ምበር ድልየት እንተዘይብሎም ግና ቀልጢፍካ ምግዳፍ ወይ ምቁራፅ፡፡
- ቢንቡላ ሰሪሕካ ምፅዋት፡፡
- ሳንዱቕን ድምፂ ብምድላው እናወዛወዝካ ድምፂ እናውፅኡ ንክፃወቱ ምግባር፡፡

## ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ዝፃወቱሎም ኣቑሑን ቦታታትን ይእልሹ፡፡ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ንህፃናት ዕሩይን ድሕንነቱ ዝተሓለወ እኹል መፃወቲ ናውቲ ዘለዎም መፃወቲ ቦታ እንተተዳለዉ ፅቡቕ እዩ፡፡ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ንክፃወቱ ብምትብባዕን ብምድናቐን ሓሊፉ ሓሊፉ ድማ ሓቢርካ ብምፅዋት ንኽተባብዑ ይግባእ፡፡ ኣብ ዝኾነ ኩነታት ፀወታታት ኣብ ድሌትን መረፃን ህፃናት መሰረተ ገይሩ ክምራሕ ምግባር ኣገዳሲ ኮይኑ፤ እዚ ድማ እቶም ህፃናት ናይ ባዕሎም ሓሳብ ንክህቡ፣ ፀገም ምፍታሕ ንክኽእሉ፣ ክእለት ቋንቋ ንከማዕብሉ ይሕግዞም፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ዝተዳለወሎም መፃወቲ ቦታ መዓዝ ከምዝፃወቱ ክንገሮም ይግባእ፡፡ ህፃናት ብዝበለፀ ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮ ንክፃወቱ ምብርትታዕ የድሊ፡፡

## ኣብዚ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ህፃናት ዘገልግሉ መፃወቲታት

- ካብ ፐላስቲክ ዝተሰርሑ ጣራሙስ፣ ሑፃ ካብ ፐላስቲክ ዝተሰርሑ መስፈርታትን፡፡
- ካብ ጨርቂ፣ ወረቐት፣ ካብ ክንቲትን ዝኣመሰሉ ነገራትን ዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ ቧንቡላ
- ዝተፈላለዩ ቀለም ዘለዎምን ዝገጣጥሙ መፃወቲታ (ወረቓቕቲ፣ መሳርሕታት ህንፃ) ምድላው፡፡
- ዝተፈላለዩ ድምፂ ሙዚቃ ዘውፅኡ መሳርሕታት (ንኣብነት ታኒካታትን ቆርቆሮታትን ቀለምን ካልኦት መፃወቲ ፣ወለዲ ካብ ካባቢ ዝርከቡ ነገራት ተጠቒሞም ምስራሕ ይኽእሉ) እዮም፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ጎረቤት ዝርከቡ ሓድሓደ ሰባትን መምህራንን መፃወቲታት ከመይ ከምዝስርሑ ተመኩሮ ስለዝህልዎም ምውሳድ ወይ ምውሳኽ ይከኣል እዩ፡፡

## ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ካብ ወፃኢ ሃገር ዝመፁ መፃወቲ ኣቑሑ፣ መሰላል፣ መዝለሊ ገመዳት፣ ኩዕሶ፣ ሳንዱቕ ካልኦት ተንቀሳቐስቲ ኣቑሑ፡፡
- ፀወታ ሎቶ፣ ዝፍለጡ ስእልታት፣ ቅርፅታት፣ ፊደላት፣ ቁፅሪታትን ስም ህፃናትን ምጥቃም፡፡
- ፐዝላት፣ ዝተፈላለዩ ኣብ ከባቢኦም ሓደሽቲ ዘይኮኑ ዝውትራትን ዝፍለጡ ስእልትታት ካብ ጋዜጣ፣ መፅሄታት፣ ካብ ካልኦት ፍልፍላት ብምእካብን ኣብ ካርቶን ብምልጣፍን ኣብ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ቦታ ቆራሪፅካ ከም ፐዝል ምድላው፡፡
- ጭቃ ወረቐት (ፔፐር ማሽ)፡- ዘይጠቕሙ ወረቓቕቲ ኣቡኪዕኻ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምድላው፡፡
- መሲልካ ብምፅዋት ናውትታት ምድላው፡- ዝኣረጉ ክዳውንቲ ቆራሪፅካ ቆቢዕ፣ ሽርጥ ቧንቡላን ካልኦትን ምድላው፡፡
- ስም ከረፂት ምትሃት ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናውቲ በቢ.ተራ ኣብ ውሽጢ ከረፂት ብምእታው ህፃናት ነቲ ኣቕሓ ከይረኣዩ ኣእዳዎም ኣእቲዮም ብምድህሳስ ዓይነት ኣቕሓ ክፈልዩ ምግባር፡፡
- ናውትታት ስነ-ፅባቐ፡- ጭቃ፣ ናውቲ መስኣሊ ቑሳት፣ ወረቐት፡፡
- መፃሕፍቲ፡- በቶም ህፃናት /ብመምህራን ዝተዳለወ ነበረያ ነበረ፣ ኣብ ቤት ሕትመት ተዳልዮም ዝወፁ ነበረያ ነበረ፣ ንህፃናት ዝምጥኑ መፅሄታትን ጋዜጣታትን

- *መሳርሕታት ሙዚቃ፡- ህፃናት ካብ ኮዳታት፣ ታኒካ፣ ካብ ዕንፀይትታትን ካልኦትን ነገራት መሳርሒ ሙዚቃ ምድላው፡፡*
- *ናውትታት ህንፃ መሳርሒ፡- ጣውላታት፣ ቆርኪታት መኸደኒ ኮዳታት ፕላስቲክን ካልኦትን ነገራት ምጥቃም ይከኣል፡፡*

**ወለዲ /መዕበይቲ ብዛዕባ ፀወታ ደቖም እንትሓስቡ ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ከእትው ኣለዎም፡፡**

1. *ደቀይ ይፃወቱ ዶ? ከመይ እዮም ዝፃወቱ?*
2. *ደቀይ ንክፃወቱ እናበረታታዕኹ ድየ ወይ ትኹረት ኣይህቦምን?*
3. *እኹል /ኣድላዪ መፃወቲ ኣቑሑ ንክረኽቡ ገይረ ድየ?*
4. *ገዛናን ደቀይ ዝመሃርሉ ቤት ትምህርትን ንፀወታ ምችው ድየ?*
5. *በቢመዓልቱ እቶም ቖልዑ ዝበዝሕ ግዘ ኣብ ፀወታ ንምሕላፍ ዝኽእልሉ ምችው ነገር ኣለዎ ዶ?*

# ክፋሊ ሰለስተ፡- ምዕባይ ክእለት ፈጠራ ህፃናት

# ምይይጥ ሽድሽተ፡ ምዕባይ ክእለት ፈጠራ ንህፃናት ዘለዎ ረብሓ

## ዝተመደበ ግዘ፡ ሓደ ሰዓት

***መመያየጢ፡-***

*ሓድ ሓደ ህፃናት ብተፈጥሮኦም ከባቢኦም ንምፍላጥ ዓብዪ ጓሂ ኣለዎም፡፡ መብዛሕቲኦም ህፃናት ከባቢኦም ንምፍላጥ ዓብዪ ድሌት ንክሓድሮም ነገራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንክፍትኑ ክስልጥኑ ምግባር የድሊ፡፡ ህፃናት ንነገራት ኩሉ ግዘ ካብ ዝገብሩዎ ብዝተፈለየ መልክዑ ምፍታንን ምስራሕን እንተጀሚሮም ክእለታት ፈጠራ እናዓበየ ምኳኑ የመላኽት፡፡*

*ህፃናት ስራሕ ፈጠራ ወይ ክእለት አለዎም ኣንብሎም ህፃናት ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ምዕዋቶም ወይ ዝኾነ ዓይነት ስራሕቲ ኩሉ ግዘ ካብ ዝገብሩዎ ብዝተፈለየ መንገዲ ምዕዋትን ምጥቃምን ወይ ምስራሕ እንትጅምሩ እዩ፡፡ ዓለም ንምርኣይ ፈጠራ ቆልዑት ብዘሎ መንገዲ ብዝርድእዎ ወይ ብዝፈልጥዎ ከይዱ እዩ፡፡*

- ህፃናት ብሓደሽቲ መንገድታት /ኣረኣእያ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ዕውት ምኳን ብዓርሰ ምትእምማንን ዕግበትን ይፈጥሮሎም፡፡
- ክእለት ፈጠራ ብዝበለፀ ምምሃር የላዓዕል፡፡
- ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንክሓስቡን ንክፍትኑን ምግባር ስራሕቶም ብዝተፈለየ መልክዑ ንክሰርሑ ንሓደሽቲ ሓሳባት ንክህቡን ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮም ከባቢኦም ብንቕሓት ንክፍትሹ ይሕግዝ፡፡

**መሳለጥቲ፡-**

ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ብተደጋጋሚ ብምፍታንን ብመዕበይቶም ናይ ቀረባ መበረታትዒ ብምግባር ክእለት ፈጠራ የዕብዩ፡፡ ፈጠራ ህፃናት ናይ ምርዳእን ፀገማት ናይ ምፍትሕን ዓቕሚ ብምዕባይን ብምጥንኻርን ዝለዓለ ግደ ይፃወት፡፡ ብርኪ ክእለት ፈጠራ ህፃናት ብተፈጥሮ ዘለዎም ተውህቦን ኣብ ዙርያኦም ካብ ዝረኽብዎ ዘተባብዕ ምችው ኩነታትን እዩ ዝውስን፡፡

**መሳለጥቲ**

ቅድሚ ጉጅለ ስራሕ ካብ መንጎ ተሳተፍቲ ሓደ ሰብ ብምምራፅ "ኣብ ዕድመ ቁልዕነት ካብ ዝገብርዎ ወይ ሓዎምን ሓፍቶምን ዘይተለመደ ተግባር ገይሮም እንተብቅዑ ወለዲኻ/ኺ ዝተደነቕሉ ወይ ዝተሓጎስሉ ኣጋጣሚ ነይሩ ዶ?" ብምባል ተሳተፍቲ ብምሕታት ሓደ ፍቓደኛ ተሳታፊ መልሲ ንክህብ ይግበሩ፡፡ ብምቕፃል "ቆልዓ እናሃለዉ ባዕሎም ወይ ሓዎም ወይ ድማ ሓፍቶም ዘይተለመደ ነገር ገይሮም ወለድኹም ዝጓሃይሉ ኣጋጣሚ ነይሩ?" ዝብል ሕቶ ንተሳተፍቲ ብምቕራብ ሓደ ካልእ ፍቓደኛ ተሳታፊ መልሶም ንክህቡ ብምግባር ልምዲ ንከካፍሉ ይግበሩ፡፡

**መሳለጥቲ** :-

ብምቕፃል ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ብምኽፋል ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ዛንታታት ነቲ ጉጅለ መተሓባበሪ ይሃብዎም፡፡ ኣብቲ ጉጅለ ምንባብ ዝኽእል ተሳታፊ እንተዘይሃልዩ ባዕሎም ነቲ ዛንታ ብምንባብ ምሕጋዝ ይግበኦም፡፡

ዛንታታተ ምስ ኣንበቡ ሓድሓደ ጉጅለ ካብዚ ንታሕቲ ብዝቐረቡ ሰለስተ ሕቶታት ይመያየጡ፡፡

ቅድም ክብል ጉጅለ እንትጣየሽ እቲ ምይይጥ ፀብፂብካ ንምሓዝን ንምቕራብን ዝተመረፁ ተሳተፍቲ ድሕሪ ምጥንቓቕ ምይይጥ ክቐርቡ ከምዘለዎም ምዝኽኻር የድሊ፡፡

## ዛንታ ሓጎስ

ወ/ሮ ትርሓስ ሓጎስ ዝበሃል ወዲ ሰለስተ ዓመት ህፃን ቆልዓ ኣለዋ፡፡ ሓጎስ ኩሉ ግዘ ምስ መሓዝቱ ህፃናት ሓቢሩ ምስ ኣቑሑ ምፅዋት ብጣዕሚ የሓጉስ፡፡ ኣዲኡ ንሓጎስ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ንክፃወቱ ተተባብዖ፡፡ ባሊቃታት ወይ ኣረሻታታት፣ ብራሾ ፕላስቲክ ሕብሪ ዘለዎም ወረቓቕቲ፣ ዕንፀይትታት፣ ኣናእሽቱ ኣእማን፣ ገመዳት፣ ስእልታት፣ ሕብሪ ዘለዎም እርሳሳት /ከለራት/ን ዝመሳሰሉን ብምእካብ ኣብ ላስቲክ ብምግባር ኣብ ገዝኣ ንመፃወቲ ዝኸውን ኣብ ዘዳለወቶ ቦታ ተቐምጠሉ፡፡

## ዛንታ ሃና

ጓል ወ/ሮ ኣስቴር ሃና ጓል ኣርባዕተ ዓመት፣ ትሕትናን ስርዓትን ዘለዋ ኮይና ንክትዓቢ ናይ ኩሉ ግዘ ትምኒተን እዩ። ሃና ከም ዕድሚኣ ምስ መሓዙት ናብዚ ናብቲ እናበለት ካብ ምፅዋት ብዝተፈለየ ባህሪ ኣብ ውሽጢ ገዝኣ ኮፍ ኢላ ግቡእ ስራሕታ ንክትሰርሕ ብምግባር ስርዓት ዘለዋ ህፃን ምህናፅ ከምዝከኣል እምነታ ኣስቴር እዩ። ሓድ ሓደ ግዘ ሃና ሽሓነ ብምሕፃብን ንኣዲኣ ኣብ ውሽጢ ገዛ ስራሕ ብምሕጋዝ እትሕልፍ ዋላ እንትኾነ

ዝበዝሕ ግዘ ናብ ደገ ወፂኣ ምስ መሓዙታ ንክትፃወት ንኣዲኣ እናተማሕፀነት እያ ተሕልፍ።

ይኹን እምበር ወ/ሮ ኣስቴር ጓላ ካብ ገዝኣ ወፂኣ ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢራ ብምፅዋት ክዳና ክረስሕን ሓመድ ክትፅየቐን ፈፂማ ኣይትደልን። ሃና ፣ህፃናት ተኣኪቦም ብታሕጓስ እናተፃወቱ ኣብ ውሽጢ ገዝኣ ኮይና ብበሪ ኣሸሊኺ ትሪኦም። ምስቶም ህፃናት ሓቢሪ ምፅዋት ዋላ እንተደለየት ቑጥዓ ኣዲኣ እናሓሰበት ትገድፎ። ሃና ምስትፈትዎ ድሙ ሓቢራ ብምፅዋት ትዘናጋዕ እያ። ኣስቴር ጓላ ሃና ትእዛዝ ስለእተኽብር ብጣዕሚ እያ ትኾርዕ። ኣይትግበሪ እትበሃሎ ነገር ብዘይ ምፍፃም'ውን ትፈትዋ። ብዙሕ ፅቡቓት ውህብቶታት ገዚኣ ተምፅኣላ እያ።

## ሕቶታት መመያየጢ ጉጅለ

1. ብመንፅር ምምዕባል ክእለት ፈጠራ ህፃናት  ሃናን ኣስቴርን ከመይ ትሪኡወን?
2. ሓጎስን ሃናን ከመይ ትሪኡዎም? ብነፃነት ነፃ ኮይኖም ድሌቶም ምስ ምግላፅ ኣንፃር ዘለዎም ኣፈላላይ እንታይ ይመስል?
3. ኣስቴር ንሃና ብጣዕሚ ዝተቆፃፀራ ምክንያቱ እንታይ ይመስለኩም?
4. ትርሓስ ንሓጎስ ከም ድሌቱ ንክፃወት ተተባብዮ ንምንታይ ይመስለኩም??
5. ኣብ ቀፃሊ ዘበን ዕድሚኦም መኒኡ ህፃን እዩ ዝበለፀ ተረባሒ ዝኸውን? ሃና ወይ ድማ ሓጎስ ንምንታይ?
6. ክእለት ፈጠራ ኣብ ህፃናት ንክምዕብል ምብርትታዕ ዘድሊ ንምንታይ ይመስለኩም?

**መሳለጥቲ፡- መብርሂ ዝቐረቡ ዛንታት**

- ኣዶ ሓጎስ ትርሓስ ድሌት ፀወታ ወዳ ብምርዳእ ተበረታትየ እያ። ኣዶ ሃና ግና ጓላ ብጣዕሚ ንፅህትን ስነ-ምግባራ ዝተሓለወን ንክትኸውን ስለእትደሊ ብዙሕ ንክትፃወት ኣይተተባብዕን።
- ሓጎስ ብሓገዝ ወላዲቱ ዝደለዮ ፀወታ ብታሕጓስ ይፃወት። ብዙሓት ተግባራት ድማ ደስ ብዝበሎ መንገዲ እናሰርሐን ካባቢኡ እናቐነየ ንዝፈጥሮም ነገራት ዘድልዮዎ ናውትታት ይእክብ። ኣዲኡ ትርሓስ ብቐረባ ብምኳን ዝሰርሖም ስራሕቲ ብምክትታል ሓገዝን ሓለዋን ትገብረሉ።
- ሃና ካብ ገዝኣ ክትወፅእ ዘይፍቐደላ ምኻኑ ሓሊፉ ከም ሓጎስ ብዙሓት ኣብ ከባቢ ዝርከቡ መፃወቲ ኣቘሑ የብላን። ኩሉ ግዘ ፊልሚ ምርኣይን ምስ ባንቡላታት ጥራሕ ምፅዋት ብዙሕ ኣየሕጉሳን።
- ትርሓስ ንሓጎስ ጉድኣት ዘየስዕቡ ናውትታት ንክፃወትን ብዝደልዮ መልክዑ (መንገዲ) ንክፍትንን ዝበለፀ ተበረታትየ ህፃናት ኣብ ገዛውቶም ኮነ ካብ ገዛ ወፃኢ ክፃወቱ ኣለዎም ኢላ ትኣምን። እዚ እትብል ግና ኣብ ህፃናት ሓደጋ ወይ መህሰይቲ ዘብፅሑ ነገራት ክውገዱ ከምዘለዎም ናይ ወላዲን መዕበይትን ናይ ቀረባ ክትትል ኣድላዪ ከምዝኾነ ትኣምን እያ።
- ኣስቴር ንጓላ ሃና ብጣዕሚ ፅኑይትን ፅቡቕ ስነ-ምግባርን ዘለዋ ኮይና ንክትዓቢ ትደሊ። ኣስቴር ጓላ ሃና እንተይረበሸት ኮፍ ምባል ዛንታታት ነበረያ ነበረን ምንባብ፣ ከምኡ'ውን ንባዕላ ምሕጋዝ ተድንቕ። ኣስቴር ጓላ ሃና ጭቃ ተፀይቓ ክትረስሕ ኣይትደልን ከምኡ'ውን ካብ ገዝአ ወፂኣ ምስ ቆልዑት ምፅዋት ኣድለይቲ ዘይኮኑ ባህርታት ንክትሕዝ ኣይትደልን።

## ቁልፊ መልእኽትታት (5 ደቒቓ)

> **መሳለጥቲ**
>
> ቁልፊ መልእኽትታት የንብቡሎም፡፡

ምዕባይ ክእለታት ፈጠራ ቀዒሎም ዝስዕቡ ቀንዲ ረብሓታት ንህፃናት ክወሃቦም ይግባእ፡፡

- ምምሃር ህፃናት የነቓቕሕ፡፡
- እቶም ህፃናት ብጣዕሚ ሕጉሳት ንክኾኑን ንባዕሎም ዓብዪ ግምት ንክህቡን ይገብሩ።
- ብናይ ባዕሎም ፃዕሪ ነገራት ንክመሃሩ ይገብሩ።
- ኣብ ቀፃሊ ህይወቶም ሰብ ሞያ ፈጠራ ንክኾኑ ውፅኢታዊ ስራሕ ንክሰርሑ ይሕግዝ።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ንመመያየጢ

# ምህዞ እንታይ ማለት እዩ? ንምንታይ ከ የድሊ?

- ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ነገራት ብምፍፃም ከባቢኦም ዘላልይሉ (ዝፈልጥሉ) ከይዲ እዩ፡፡
- ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ብተደጋጋሚ ብምፍታንን ብምዕበይኦም ዝግበር ናይ ቀረባ ክትትልን መበረታትዒን ክእለት ፈጠራ/ምህዞ የዕብዩ።
- ፈጠራ/ምህዞ ናይ ህፃናት ነገራት ምርዳእን ፀገማት ምፍትሕን ዓቕሚ ብምዕባይን ብምጥንኻርን ዓብዪ ግደ ይፃወት።
- ደረጃ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብተፈጥሮ ምስ ዘለዎም ተውህቦን ኣብ ዙርያኦም ዝረኽብዎ ዘተባብዕ ምችው ኣጋጣሚታትን ኣንፃር ይውስን።
- ምዕባይ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ዝበለፀ ንኽመሃሩ የተባብዕ።
- ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንክሓስቡን ንክፍትኑን ምግባር ስራሕቶም ብዝተፈለየ መልክዑ ንክሰርሑ ሓደሽቲ ሓሳባት ንክብህጉን ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮም ከባቢኦም ብንቕሓት ንክፍትሹ ይገብሩ።

- ምዕባይ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብጣዕሚ ብቑሓት፣ ንምምሃር ቅልጡፋትን ንዕውትነት ዝተፈጠሩ ክሳብ ዝመስል ዝለዓለ ግደ ይፃወቱ።
- ወለዲ ህፃናት ኣብ ፀወታ እናሃለዉ ናይ ቀረባ ክትትል ክገብሩ ይግበኣ።
- ኮይኑ ግና ወለዲ እዚ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ንምዕባይ ዝግበር ፃዕሪ ህፃናት ኣብ ዘየድሊ ፅዕንቶ ንክኣቱ ምግባር ኣድላዪ ኣይኮነን።
- ፈጠራ/ምህዞ ማለት ነገራት ካብ ዝተለመደ ውፅእ ብዝበለ መንገዲ ዝርድአሉ ወይ ዝሓልምሉ ክይዲ እዩ።
- ህፃናት ብሓደሽቲ መንገድታት  ወይ ኣረኣእያታት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ዕውትነት ምርካብ ብዓርስኻ ምትእምማን ዘዕቢ እንትኽውን ዝግበሩ ፈተናታት ውፅኢታዊ እንተዘይኮይኑ ግና እቶም ህፃናት ተስፋ ይቖርፁ።
- ኩሎም ደቂ ሰባት ፈጺሙ ሓደ ዓይነት ኣይኮኑን ከምኡ’ውን ፍፁማት ኣይኮኑን።
- ሓድሓዲኦም ኣብ ውሽጢ ሓፂር ደቒቓ ብዙሓት ነገራት ክመሃሩ ዝኽእሉ እንትኾኑ ካልኣቶም ድማ ተመሳሳሊ ነገር ንምርዳእ ብዙሕ መዓልትታት ዝጠልቡ ይኾኑ።
- እዚ መብዛሕቲኡ ኣብ ሰባት ዝረኣይ ማሕበራውን መጠን ሃፍትን ምፍልላይ ከም መሰረታዊ ነገር ዋላ’እንተዘይተልዓለ ኣፈላላይ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ግና ኣብ እንነብረላ ዓለም ንዘለዉ ኣፈላላይ ሃፍቲ ቀንዲ ተጠቃሲ እዩ።
- ምናባዊ ፀወታታት ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ንምዕባይ ከም መበገሲ የገልግል።
- ህፃናት ኣብ ገዛዳውን ነባራውን ህይወቶም ዝረኣዩዎ፣ ዝሰምዑዎን ዘጋጥሞምን ነገራት ብመልክዕ ፀወታ የቕርቡ።

ፀወታ ህፃናት ብዛዕባ ከባቢኦም ንክርድኡን ናይ ባዕሎም ምናብ ክፈጥሩን ይሕግዝ። ህፃናት ሓደሽቲ ነገራት ንምርዳእ ትኹረት ምዕናዕ፣ ምፍታሽን ብዛዕባ እቲ ነገር እንታይ ከምዝገብሩ ምሕሳብ ብዝበለፀ ይርብሑ። በዚ ምኽንያት ህፃናት ከባቢኦም ምርዳእ ይኽእሉ። ስለዝኾነ ኩሎም ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ሰብ ዋና ክእለት ፈጠራ እዮም።
ስለዝኾነ ወለዲ ድሌት ምፍላጥን ምምርማርን ደቖም ከበረታትዑ ይግባእ። ድሌትን ባህግን ንቡዙሓት ሓደሽቲ ነገራትን  ሓሳባትን ምፍጣር መሰረት እዮም። ህፃናት ድማ እዞም ሓደሽቲ ሓሳባትን ባህግን ዝሰርሕዎ ስራሕ ንምትግባር ንዝበለፀ ፃዕሪ ይለዓዓሉ። ህፃናት ብሓደሽቲ መንገድታት ነገራት እንትፍፅሙ ዝበለፀ ታሕጓስን ተበግሶን የሪኡ። እዚ ተደጋጋሚ ፈተነ ናብ ፈጠራ ስራሕ ይመርሖም።

ኣብ ዘለናላ ዓለም ፈጠራ/ምህዞ ምንቅስቓሕ ምጣነ ሃፍታ ኣብ ምቅልጣፍ ይርከብ። ሃገር ንክትምዕብል ትኽእል ፍሉይ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ዘለዎም ዜጋታት እንትህልዎ እዩ። ስለዝኾነ ዝማዕበለት ሃገር ንክትህሉ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምኩስካስን ምዕባይን ግድን ይኸውን።

# ምይይጥ ሸውዓተ፡- ክእለት ምህዞ ህፃናት ከመይ ምዕባይ ይከኣል?

## ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- ሓደ ሰዓት

ዓቕሚ ክእለት ምፍጣር ንምጎልባት ወለዲ (መዕበይቲ ወሰንቲ ሰባት እዮም።

ወለዲ /መዕበይቲ ብኽልተ ዓይነት መንገዲ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምዕባይ ይከኣል።

1ይ/ ድሌት ህፃናት ዘለዓዕሉ ናውትታት ብምምፃእ ህፃናት እቲ ዝመፁ ኣቕሓ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንክፍትሹ ማለት ምስ ዝተፈላለዩ ነገራት እንትላተም ዘውፅኡዎ ድምፂ፣ ቅርፁን ሕብሩን፣ ንምንታይ ከገልግል ከምዝኽእል ንክፍትኑ ምግባር ግቡእ እዩ።

2ይ/ ልቢ ሰቓላይን ደስ ዝበሉን ዛንታታት ውሑድ ብምዝራብ ህፃናት ብመልክዕ ስእሊ ብተዋስኦ ወይ ብኻልእ ኣብ ህፃናት ጉድኣት ብዘየስዕብ ሜላ ግምታዊ ኣወዳድኣ ዛንታ ንክርኣዩ ምችው ኩነታት ብምፍጣር ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምዕባይ ይከኣል።

ኣብ ክሊ ህፃናት ብዘለዉ ነገራት እቶም ህፀናት እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ብምሕታት ህፃናት ናይ ባዕሎም መንገዲ ተጠቒሞም ንክፍትሹ ብምግባር ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞኦም ምዕባይ ይከኣል።

**ተግባራዊ መልመዲ:- ጉጅለ ዕዮ (30 ደቒቓ)**

**መመያየጢ**

ተሳተፍቲ ፈጠራ ስራሕቲ ህፃናት ንምዕባይ እንታይ ከምዝገብሩ ብምሕታት መልሶም ኣብ ፀሊም ሰሌዳ የስፍሩ። ኩሎም ወለዲ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ድሌት ፈጠራ ህፃናት እናበረታትዖ ከምዝርከቡ ብምግላፅ ኣብዚ ምይይጥ ተሳተፍቲ ተሞኩሮኦም ንክለዋወጡ ከምኡ'ውን ካልኦት ፈጠራን ዘነቓቕሑ መንገድታት ብናይ ሕዚ ርክብ ከምዝግንዘቡ ክርድኡ ምግባር። ብምቕፃል ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ንክጉጀሉ ይግበሩ። ጉጅለታት በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ሕቶታት ተመያይጦም መልሲ ንክህቡ ይዛረብዎም (ይንገሩዎም።)

ኩሎም ጉጅለታት ብዛዕባ ዝተመያየጥዎም ሓሳባት ዝሕዙን ዘቕርቡን ሓደ ሓደ ሰባት ክመርፁ ከምዘለዎም የዛኽሩዎም።

## ሕቶታት ጉጅለ ምይይጥ

1. ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ወይ ኣብ ቀፅሪ መረባኹም ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ክተባብዑ ዝኽእሉ እንታይ እንታይ ነገራት ኣለዉ?
2. ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ኣብ መረባኹም እንታይ እንታይ ብምግባር ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምብርትታዕ ትኽእሉ ይመስለኩም?
3. ኣባላት ስድራ (ኣዶ፣ ኣቦ፣ ዓበይቲ ሓፍትን ሓውን) ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ንምዕባይ እንታይ ዓይነት ግደ ይህልዎም?

## ሓበራዊ ምይይጥ

**መመያየጢ**

ፍረ ሓሳብ ጉጅለ ምይይጥ ተወከልቲ ንከቕርቡ ይግበሩ። ሕድሕድ ጉጅለ ሰለስተ ደቒቓ ይወሃቦም። ካብ ተሳተፍቲ ርኢቶን ሕቶን እንተልዩ ካብ ፅብፃብ ጉጅለ ቀፂሉ ንሰለስተ ተሳተፍቲ ዕድል ይሃቡ።

መመያየጢ ብዝቐረቡ ጭብጥታትን ርኢቶን ምይይጥ መሰረት ገይሩ/ራ ግብረ መልሲ ይሃቡ፣ ንዝቐረቡ ሕቶታት መልሲ ይሃቡ። መመያየጢ ዝህቦም ሓበሬታታት ኣብዚ ሰነድ ውሽጢ ምስዘሎ ሓበሬታ ተመሳሳሊ ክኸውን ይግባእ።

## ቁልፊ መልእኽትታት (5 ደቒቓ)

**መመያየጢ**

ቁልፊ መልእኽትታት የንብቡሎም፡፡

- ህፃናት ብዝተፈላለየ መንገዲ ብምሕጋዝ ምዕባይ ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞ ይከኣል።
- ክእለት ምህዞ ዘይብሎም ህፃናት የለውን። ኩሎም ህፃናት ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ሰብ ዋና ናይ ምኳን ዓቕሚ ኣለዎም።

- ወለዲ ህፃናት ኣብ ዙርያኦምን ከባቢኦምን ዘለው ነገራት ንክቓንዩን ሓደሽቲ ጠቐምቲ ነገራት ንክፍፅሙን ምችው ምግባርን ምልዓዕልን ይግባእ።
- ኣብ ውሽጢ ገዛን ካብ ገዛ ወፃኢን ዘለቑ ነገራት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ንምዕባይ ወሳኒ ግደ ይፃወቱ።
- ወለዲ ኣእምሮ ወይ ሓሳብ ህፃናት ፈጠራ/ምህዞዊ ብዝኾነ መልክዑ ዘለዓዕሉ ናውትታት ብምቕራብ ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ግዘ ነገራት ብምርኣይን ብምዝራብን ምብርትታዕ ይግባእ፡፡

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንመመያየጢ

## ተፈጥሮኣዊ/ባህርያዊ ዝንበላ ምህዞ ህፃናት ከመይ ምዕባይ ይከኣል?

ኩሎም ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ፈጠራ/ምህዞዊ ብዝኾነ መልክዑ ከባቢኦም ይፍትሹ፣ ይገልፁ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ስምዒት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብወለዲ /ብመዕበይቲ ዝግበር ምትብባዕ ክዓቢ ይኽእል። ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ዘበረታትዑ ናውትታት ኣብ ቀረባኦም ንክህሉ ብምግባር ኣብ ህፃናት ሓደጋ ዘየብፅሑ ነገራት ብነፃነት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንክፍትኑ ብምብርትታዕ ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብምዕባይ ንፅባሕ ዝኾውን እውንታዊ ምንነትን ማሕበረሰባዊ ረብሓን ነቲ ዝመሃርዎ ምህዞ መሰረት ክኾውን ይኽእል። ዓቕሚ ምፍጣር ህፃናት ንምጎልባት ወላዲ/ መዕበይቲ ወሰንቲ ሰባት እዮም። ወላዲ/መዕበይቲ ብኽልተ ዓይነት መንገዲ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምዕባይ ይከኣል። ናይ መጀመርያ ድሌት ህፃናት ዝቕስቕሱ ናውትታት ብምቕራብ ህፃናት ዝቐረበሎም ኣቕሓ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንክፍትሹ ማለት'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ነገራት እንትላተሙ ዘውፅኡዎም ድምፅታት፣ ቅርፅታትን ሕብርታትን ንምንታይ ከገልግል ከምዝኽእል ክፍትኑ እንተኽኢሎም እዩ ዝፈልጥዎ። ካልእ መንገዲ ድማ ልቢ ሰቃሊን ደስ ዝብሉን ትረኻታትን ዛንታታትን ብወሳናይ መልክዑ ወይ ሕዲተይ ብምንጋር ህፃናት ብስእልን ብፅውውት ወይ ድማ ካልእ ንህፃናት ጎድኣት ብዘየብፅሕ ሜላ ናይቲ ዛንታ ትረኻ ግምታዊ ኣወዳድኣ ንክሪኡ ምችው ኩነታት ምፍጣር። ኣብ ዙርያ ህፃናት ብዝርከቡ ነገራት እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ብምሕታት እቶም ህፃናት ናይ ባዕሎም መንገዲ ተጠቒሞም ንክፍትሹ ብምግባር ፈጠራ/ምህዞዊ ዓቕሚ ምዕባይ ይከኣል። ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ንምምዕባል ወለዲ /መዕበይቲ እንታይ ክገብሩ ትፅቢት ይግበር? ካብዚ ቐጺሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ

ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ወለዲ/ መዕበይቲ ከምመርኣያ ዝቐረቡ ተግባራት እንተኾይኖም ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ምዕባይ ይከኣል፡፡

## ካብ ውልደት ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘለው ዕሸላት

- ኣፃብዕትኹም ኣብ ከብዲ ኢድ ዕሽል ህፃናት ብምእታው እቲ ህፃን ኣጥቢቑ ምትሓዝ ከምዝለማመድ ዕድል ይሃቡ፡፡
- እታ ህፃን ጡብ ምጥባው ኣብ እትደልየሉ ወቕቲ ጫፍ ወይ ኣፍ እቲ ጡብ ብምዕጋዕ እታ ህፃን ባዕላ ብኣፋ ክትትሕዛ ምምችቻው የድሊ፡፡
- ብኣፃብዕዓትን ኣካላዊ ምልክትን ብምክታት ነቲ ህፃን የዛርቡዎ፡፡
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣካቲትካ ብርግኣት መዝሙራት ይዘምሩሎም፡፡

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽድሽተ ወርሒ ዘለው ህፃናት፡-** ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ተግባራት ብተወሳኺ ዝስዕቡ ብምትግባር ድሌት ምፍላጥን ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞን ህፃናት ምዕባይ ይከኣል፡፡

- እቲ ህፃን ኣብ ንፁህ ምንፃፍ ብኸብዱ ንክድቅስ ይፈትኑ፡፡ እዚ'ውን እቲ ህፃን ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ንክዘዋወርን ካብ ርእሲ ቅንዕ ምባል ንክለማመድ ይሕግዝ፡፡ ከምኡ'ውን ካብ ደረቱ ቅንዕ ንምባል ይፍትን፡፡
- ነቲ ህፃን ኣብ ዘዘራርብሉ ግዘ ፊት ንፊት ብምኳንን ገፆም ናብ ፀጋም ናብ የማን /ካብ የማን ናብ ፀገም/ ቀስ እናበሉ የንቀሳቕስዎ፡፡ እዚ ድማ ድሌት ምፍላጥ ህፃናት ብምቕስቓስ ንስኹም ናብ ዙዞርኩምዎ ኣንፈታት ብኣዒንቱ ክክተለኩም ይኽእል፡፡
- ብዓይኒ ምልክታ እቲ ህፃን ዝተወሰኑ ደሚቕ ሕብሪ ዘለዎም ኣልባሳ ብምስቃል ናይቲ ቆልዓ ድሌት ምፍላጥ የለዓዕሉ፡፡
- ኣብ ውሽጢ መረባኹም ብዝጥዕም ትልሚ/ፕላን መሰረት ዝተፈላለዩ ዕምበባታትን ተኽልታትን ብምትካል ኣድማስ ግንዛበን ኣተሓሳሰባን ህፃናት ንክሰፍሕ ይግበሩ፡፡
- ዝተፈላለዩ ምስልታት ገፅ (ምስሓቕ፣ ምሕዛን፣ ምኹራይ፣ ምጭምዳድን ካልኦትን ዘደንቕ ምስልታት) ንቆልዑትኩም የሪኡዎም፡፡ ዋላ'ኳ ንስኹም ዝተርእዩዎ ለውጢ ገፅ ነቲ ህፃን ትርጉም ኣልባ እንተኾነ እዚ ምልውዋጥ ገፅ ህፃናት ደስ እዩ ዝብሎም፡፡ ብተወሳኺ ህፃናት ምልውዋጥ ምስሊ ገፅ ብንቕሓት ንኽከታተሉ የኽእል፡፡

**ካብ ሽድሽተ ክሳብ ሓደ ዓመት፡-** ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ተግባራት ከምዘለዉ ኮይኖም ዝስዕቡ እንተተገቢሮም ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ቆልዑት ንምዕባይ የቀላጥፉ እዮም፡፡

- ኣብ እዋኑ ነቲ ህፃን ዝገብርዎ ዘለዉ ተግባራት (ነብሱ ዝሓፅብዎ እንተኾይኖም፣ ክዳን ዝቕይሩሉ እንተኾይኖምን ካልእን) ብቐሊሉ ቋንቋ እናገለፅሉ ተኾይኑ ይምረፅ፡፡
- ንህፃናት ምዕባይ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ዘሪኡዎ ፍቕርን ክንክንን ወሳኒ ስለዝኾነ ንቆልዑትኩም ዘለኩም ፍቕሪ ብዝተፈላለዩ መንገድታት (ብፍላይ ዓይኒ ብምምልካት፣ ብርግኣት ብምድህሳስ፣ ብምሕቋፍን ካልኦትን) መግለፅታት ክትዝንግዑ የብልኩምን፡፡
- ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ውሽጢ ገዛ (ንኣብነት፡- ፀብሒ እንትስራሕ፣ ቡን እንትፈልሐ፣ ወዘተ ዋህዊን ካልኦትን) እቲ ህፃን ንክምልከተኩም ይግበሩ፡፡ እዚ እውን ምልከታን ቀልብን ህፃናት የነቓቕሕ፣ የማዕብል፡፡

**ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለው ህፃናት፡-** ብተወሳኺ ድማ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት እንትፍፅሙ ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ዝያዳ የማዕብሉ እዮም፡፡

- ወረቐትን እርሳስን ንቆልዓኹም/ ንውላድኩም ብምሃብ ብነፃነት ንክፀሓባብር የበረታትዑ፡፡
- ኣብቲ ቆልዓ ጉድኣት ዘየብፅሑ ዝተፈላለዩ ናውትታት ብምእካብ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ዝደለዮ ነገር ንክስርሕ የበረታትዑዎ፡፡ ብቐረባ ብምክትታል ኣድናቖትኩም ይለግስሉ፡፡ ኣብ ባዕሉ ሓደጋ ንከየብፅሕ ይከታተሉ፡፡እዞም ዝስዕቡ ናውትታት ብምእካብ ነቲ ቖልዓ መለማመዲ ምድላው ይኽእሉ እዮም፡፡
  - ወረቐት፣ እርሳስ፣ እስክርቢቶ፣ ዝተፈላለዩ ሕብርታ፣
  - ረጒድ፣ ቀጢ፣ ነዊሕን ሓፂርን ዕንፀይቲታት፣
  - ኣናእሽቱን ፍርይ ፍርይ ዝበሉ ፀፀራት፣
  - ማይ መስተዪ ኳዳ (ማይን ኣናእሽቱ ፀፀራትን ንከገለባብጥሉ ብዝተወሰነ መልክዑ ክርእዩ ይኽእሉ)
  - ኣብ ከባቢኩም ዝርከቡ ህፃናት ሓደጋ ዘብፅሑ ናውትታት ምእካብ ይኽእሉ፡፡

- ኣብ ገዛ ወይ ኣብ መረባኹም ውሽጢ ምስ ደቕኹም ሕብሕቢኢተይ፣ ብምፋሓኽ ኣብ ውሽጢ ንፀወታ ዝተዳለዉ ኣቑሑ ብምሽላኽ ዓይነት ፀወታታት እንተተፃወቱ ዓቕሚ ምፍታሕ ፀገም ህፃናት የማዕብል፡፡
- ኣብ ሓደ ዝተመርፀ ቦታ /ዕግዓ ወይ ኩርናዕ/ ንዕብየት ህፃናት እትእክብዎም ናውትታት ብምቕማጥ ቀፃልነት ሓገዝኩም ክህሉ ምርግጋፅ ይኽእሉ እዮም፡፡

**ካብ ሰለስተ ዓመትን ልዕሊኡን ዘለዉ ህፃናት፡-** ብተወሳኺ ዝስዕቡ ተግባራት እንተፈፂሞም ክእለት ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት ብዝበለፀ የማዕብል፡፡

- ምስ ዕድመ ህፃናት ዝመጣጠኑ መፅሕፍቲ፣ ስእልን ጋዜጣታትን የቐምጡሎም፡፡
- መዘፍዘፊ ማይ ፍርቂ ዝኣክል መሊእኻ እቶም ህፃናት ብመስተዪ ማይ /ኳዳታት/ እናቐድሑ ብምጉድዳልን ዝተፈላለዩ ናውትታት ምንስፉፎምን ምጥሓሎምን ብምፍታሽን ዓቕሚ ፈጠራ/ምህዞ ህፃናት የበረታትዑ፡፡
- ዛንታ ብምዝንታ ህፃናት ደጊሞም ንክዛረቡ የበረታትዑዎም፡፡
- ቆልዑትኩም ምስ ካልኦት ህፃናት ሓቢሮም ንክፃወቱ የበረታትዑዎም፡፡ እዚ'ውን እቶም ህፃናት ብዛዕባ ካልኦት ምሕሳብን ርክብ ሕድሕድ ብዝሓሸን ፈጠራ/ምህዞዊ ዝኾነን መልክዑ ንምምዕባል ይሕግዞም፡፡
- ሕብሪ ዘለዎም እርሳስትን /ከለራት/ ወረቐት ብምድላውን ብነፃነት ዝደልይዎ ስእሊ ስኢሎም ሕብሪ ንክለኽዩ የተባብዑ፡፡
- እቶም ህፃናት ዝስዕቡ ዓይነታት ፀወታ ምፅዋቶም የረጋግፁ፡፡ እንተዘይኮነ ካልኦት ህፃናት እዞም ፀወታታት ብምፅዋት ከመይ ከምዝሕጎስ ብመልክዕ ዛንታ ወይ ድማ መዝሙር ደጋጊሞም ይዛረብዎም፡፡ እዚ ምስገበሩ እቶም ህፃናት ፀወታታት ንምፅዋት ተበግሶ ከምዝርኣዩ ይመልከቱ፡፡ ንኣብነት ዝስዕቡ ፀወታታት ሓቢሮም ብምፅዋት ናይቲ ፀወታ ሰሓባይነት የርእዩዎም፡፡
    - ሕብሕብኢተይ፣
    - ኣብ መሬት /ምጭሕጋር/ ምዕሕግጋር፣
    - ፀፀራት፣ ዘርእታት፣ ብኣፃብዕቶምን ካልኦተ ነገራትን ቁፅሪ ምቑፃር ምፍታን፣
    - ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ብፀፀራት፣ ብኩሩሽን ዕንፀይትን ብምድላው /ብምስራሕ ምፍታን፣
    - ሕንቅልሕንቅሊተይ ምፅዋት፣
    - ገዛገዛ ምፅዋት፣

- ዘለዎም ናውቲ ብዓይነቶ ንኣብነት፡- ብቑመት፣ ሕብርን ዝኣመሰሉን ምፍላይ፣
- ምዝላል ገመድ ፣ ጉያ ሕብሕብኢተይ፣ ናብ ኣልጋ ምድያብን ምዝልላን በረኸቲ ዝኾኑ ነገራት ምድያብን ምውራድን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስፖርታዊ ምንቅስቓሳት ምክያድ፡፡